# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.253 | ሰሉስ 23 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 4 ሪፖርታዥ

ገጽ 7 ምልክታ

ገጽ 9 መትከል ሰማእታትና፡ ዘይከማህ ጽንዓትና!



ገጽ 11  ደሃይ ኣትለታትና


# ኣመሓዳሪ ጋሽ-ባርካ፡ ምስ ኣልማዕቲ መስኖኣዊ ሕርሻ ዘትዩ





ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምስ ዝርከቡ ኣልማዕቲ መስኖኣዊ ሕርሻ፡ ኣብ ኣገባብ ኣጠቓቕማ መሬትን ምሕደራ ማይን ዘተኮረ ርኽብ ኣካዪዱ።

እቲ ዞባ ንክረምታውን መስኖኣውን ልምዓት ምቹእን ሰፊሕን መሬትን ካልእ ጸጋታትን ከምዘውንን ብምጥቃስ፡ ልዕሊ 224,760 ሄክታር ብክረምታዊ፡ 15,700 ሄክታር ብመስኖኣዊ፡ 54 ሽሕ ሄክታር ድማ ብክረምታውን ንግዳውን ኣገባብ ዘለምዕ ምዃኑ ዘጠቐሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ሓረስቶት እቶታውነቶም ክዑብ ብምባል ማሕበረ-ቁጠባዊ መነባብሮኦም ንኸመሓይሹ ዓቲቦም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

መስኖኣዊ ሕርሻ ብዓቢኡ ኣብ ጻዕሪ ሓረስታይ ስለዝምርኰስ፡ ኣልማዕቲ ምስ ክኢላታት ክላዘቡን ንዝተዋህቦም መምርሒታት ኣብ ባይታ ብግቡእ ከተግብሩን ብምዝኽኻር፡ ሳዕቤናት ከሚካላዊ መድሃኒትን ድኹዕን ኣብ መሬት፡ ጥዕና ሰብን ኣከባቢን ተገንዚቦም ከወግድዎን ውርጹጽ ምሕደራ መሬት ከዘውትሩን ጸዊዑ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ኣስዒቡ፡ ብመስኖኣዊ ሕርሻ ዘለምዕ ልዕሊ 3,400 ሄክታር ዘለዎ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ሓረስቶት ዝተፈላለዩ ኣሕምልትን ፍረታትን ብምዝራእ ቁጠባኦም ንምምሕያሽ ጻዕረታት የካይዱ'ኳ እንተለዉ፡ ንዘበለጸ ዕብየትን ለውጢን - ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሃደምደሚ፡ ፈስኮ፡ ኣለበ፡ ግራሻ፡ ጉርሱብ፡ ሓሸንኪትን ሃይኮታን ዝተጸንዐ 1,700 ሄክታር፡ ንኣውፈርቲ ንምዕዳል ዝተጀመረ መስርሕ ኣብ ምጽፋፍ ከምዝርከብ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓረስቶት ኣብ ክንዲ ኣብ ኣሕምልቲ ጥራይ ዝድረቱ፡ ኣብ ምርባሕ እንስሳታት ኣድሂቦም ውጽኢት ጸባን ስጋን ንምስሳን ንጥፈታቶም ከሐይሉ ብምዝኽኻር፡ ካብ ዝርአ ብርሰት ሃብቲ ገረብ ክቑጠቡ፣ ግብሪ ሕርሻን ጥራትን ኣብ ግዜኡ ክኸፍሉ፣ ሓረስቶት ኣብ ማሕበር ክጥርነፉን ብኢድ ወነንካ መሬት ምግባት ከወግዱን ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ስግረ-ደባዊ ኣዝርእቲ ጥቡቕ ምቍጽጻር ክግበረሉ፣ ዘልምዕዎ መሬት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር ዝመዝገበሉ ባይታ ክፍጠረሎም፣ መመርመሪ ጥዕና ጥራት ላቦራቶሪ ኣብ ከባቢኦም ክዋደድ፣ ከምኡ'ውን ሽግር መሬት ሕርሻ ዘለዎም ሓረስቶት ፍታሕ ክግበረሎም ተላብዮም።

# ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብልዑል ሓበን ተዘኪሩ

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሰልፊ፡ ምብራህ ሽምዓን ናይ እግሪ ጉዕዞን ተዘኪሩ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብ19 ሰነ ኣብ ከተማ ባጽዕ - ካብ ሲኖማ ሲጋለት ክሳብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ኣብ ዝተኻየደ ሰልፊ ሽምዓ፡ ብርኽት ዝበሉ ተቐማጦ ከተማ ባጽዕ፡ ኣባላት ሓይልታት ምኽልኻልን ካልኦት ኣካላትን ተሳቲፎም።

ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ 20 ሰነ - ናጽነት ኣብ ምምጻእን ምዕቃብን ንዝተኸፍለ ረዚን መስዋእቲ እንዝክረላ፣ ከምኡ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ንሰማእታቱ ዘለዎ ፍቕሪ ዝገልጸላን መብጽዓኡ ዘሐድሰላን ረዛን ዕለት ምዃና ኣብሪሁ።

ብደረጃ ዞባ ብ20 ሰነ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ካብ ሕጥምሎ ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ድሕሪ ዝተገብረ ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ክብሮም ዓንደሚካኤል ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ሕቑፍ ዕንባባ ድሕሪ ምንባር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሙብጽዓ ስዉኣትና - ብዓቢሮን ሕልናን ሕድሮም ምትግባር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሙብጽዓኦም ብልምዓትን ምኽባር ልኡላውነትን ክንድህቦ፡ ሓላፍነት ናይ'ዞም ብህይወት ዘለና ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ18 ሰነ ብምውህሃድ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕን ሃማመተኤን፡ ኣብ ጎልጎል ሳሊና መደብ ዘኽሪ ሓበን ተኻዪዱ።

ብተመሳሳሊ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብ19 ሰነ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ዓሰብ፡ ብርኽት ዝበለ ህዝብን ሰራዊትን ዝተሳተፎ ሰልፊ ሽምዓ ተኻዪዱ።

ኣብ ቀጽሪ ሓወልቲ ስዉኣት ዝተዳለወ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይን ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴ ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶምን ዝተረኽቡሉ መደብ ድማ፡ ንትርጉምን ርዝንትን መስዋእቲ ዝገልጽ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ቀሪቡ።

ብ20 ሰነ ድማ፡ ካብ ዓሰብ ንሸነኽ ሰሜን 15 ኪሎ-ሜትር ርሒቑ ናብ ዝርከብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ዝተኻየደ ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ንዕላማ መስዋእቲ ከምኡ'ውን ሕድሪ ሰማእታት ብዝገልጽ ስነ-ጥበባዊ መደባት ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ 20 ሰነ - ክብርታት ጀጋኑ ሰማእታትና ንምዕቃብን ናብ ሓደስቲ ወለዶታት ንምትሕልላፉን ብዕቱብ ንምስራሕ እተዘኻኽር ከምዝኾነት ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪን ሓይሊ ባሕሪ እዚ ደቡብን፡ ን80 ስድራ ስዉኣት ዓይነታውን ገንዘባውን ደገፍ ገይሮም።



# ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካን ዓንሰባን፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብሓበን ተዘኪራ



20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ዞባታት ጋሽ-ባርካን ዓንሰባን ብዝተፈላለየ ማሰናድኦታት ብኡብ ዝበለ ሓበን ተዘኪራ።

ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተገብረ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይን ኣዛዚ ህዝባዊ ሰራዊት ምዕራባዊ ግንባር ኮሎኔል ሃብቱ ጉብረእንድርያስን ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣኽሊል ፅንብባ ኣንበርዎ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ተስፋኣለም ባህታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝኽሪ 20 ሰነ - በቶም ንዝሓለፉ ሰማእታትና ናብ ናይ ክብሪ ቦታኦም ብምምጻእ፡ ሕድሮም ንምፍጻም ቃልና እነሐድሰሉ ኣጋጣሚ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ብ19 ሰነ ድማ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ጎደናታት ወጺኡ ሽምዓ ብምውላዕ ሰማእታቱ ብሓበን ክዝክር እንከሎ፡ ንትርጉምን ርዝነትን መስዋእቲ ዝገልጽ ስነጥበባዊ ማሰናድኦ ቀሪቡ።


ኣብ ዞባ ዓንሰባ'ውን፡ ብደረጃ ዞባ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ናይ እግሪ ጉዕዞ ድሕሪ ምኪያድ፡ ወከልቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮ፡ ንክብሪ ሰማእታት ኣኽሊል ፅንብባ ኣንቢሩን ናይ ምግራብ መደብ ተሰላሲሉን።

ኮሎኔል ክብሮም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ 20 ሰነ - ንሰማእታት ኤርትራ "ሳላኹም ተሓቢንና፡ ብሰላም ንነብር ኣለና!" እናበልና፡ ብልዑል ኩርዓት እንዝክረላ ዕዙዝቲ ዕለት ምዃና ብምግላጽ፡ መዓልቲ ሰማእታት - ክንዮ ዝኽሪ፡ ምስ ነፍሰና እንዝትየሉን ውሽጥና እንሓተሉን ኣጋጣሚ ከምዝኾነት ኣረዲኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ19 ሰነ ኣብ መላእ ዞባ ዓንሰባ ሰልፊ ሽምዓ ተኻዪዱ። እቲ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ብስነጥበባዊ ማሰናድኦታት ዝተሰነየ ነይሩ።

# ኣባላት ማሕበራት ተጋደልቲ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ናይ እግሪ ጉዕዞን ናይ ዝኽሪ መደብን ኣካይዶም



ኣወሃሃዲ ማሕበራት ተጋደልቲ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብ19 ሰነ ናይ እግሪ ጉዕዞን ናይ ዝኽሪ መደብን ወዲቡ።

ኣባላት ናይ'ተን ማሕበራት፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ከምኡ'ውን ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ካብ ከባቢ ቤት-ገርግሽ ክሳብ ከባቢ ማይ-ድምናት ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካይዶም።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ማሕበራት ተጋደልቲ ኣቶ ተስፋይ ቀሊታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰማእታትና፡ ብቓያ ተግባራቶም፣ ብትእምርታዊ ተበጃወትኦምን ብልዑል ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍና ሕዙእ ቦታ ከምዘለዎም ጠቒሱ፡ ነቲ መደብ ክዉን ንዘገበሩ ኣመስጊኑ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብስነጥበባዊ ማሰናድኦ ዝተሰነየ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጋሉ-ነፍሒ፡ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ዝተሳተፍዎ ሰልፊ ናብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ዓዲ-ሓወሻ ድሕሪ ምግዓዙ ናይ ዝኽሪ ሓበን መደብ ኣካይዶም።

ብተመሳሳሊ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ መጉዓዝያን መራኸቢታትን - ኮርፖረሽን ቴሌኮሙኒከሽን፡ተመሳሳሊ ናይ ዝኽሪ ሓበን መደብ ወዲቦም።

# ደቡብ - መዓልቲ ሰማእታት፡ ብደረጃ ዞባ ብሰልፊ ሽምዓን ምንባር ዕንባባን ተዘኪራ

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ፡ ብ19 ሰነ ኣብ ከተማ መንደፈራ ብሰልፊ ሽምዓን ምንባር ዕንባባን ተዘኪራ።

ኣብ'ቲ ዕለት ኣብ ሰዓታት ምሸት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ኣብ ማእከል'ታ ከተማ ብምትእኽኻብ፡ ጥዋፍን ሽምዓን ኣብሪሁ ክሳብ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ብምግዓዝ ንሰማእታቱ ብሓበን ዘኪሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወልዑ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ 20 ሰነ - ሰማእታትና ዝገደፍዎ ሕድሪ ንኽንተግብር ቃልና እነሐድሰላ ዕለት ስለዝኾነት፡ ኩሉ እነካይዶ ንጥፈታት በዚ ርዚን ሕድሪ ክቃኖ ከምዝግብኦ ኣገንዚቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ፡ ብ18 ሰነ ኣብ ቀጽሪ ህንጻ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ 'መደብ ዝኽሪ ዜማ' ወዲቡ።

እቲ ካብ ኩለን ሚኒስትሪታት ዝተዋጽኡ ሰራሕተኛታት ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ግጥምታት፡ ደርፍታትን ድራማን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ብ19 ሰነ ኣብ ሳዋ ዝተገብረ፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሚጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይን ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደብሳይ ግደን ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ብምብራህ ሽምዓን ስነጥበባዊ ማሰናድኦን ዝተሰነየ ነይሩ።

ምኽትል ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሌተናል ኮሎኔል ተመስገን ሳሙኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ 20 ሰነ - ንኹሎም ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዝወደቑ ጀጋኑ ሰማእታት እንዝክረላን ሕድሮም ንምትግባር መብጽዓና እነሐድሰላን ርዝን ዕለት ምዃና ገሊጹ።

ሌተናል ኮሎኔል ተመስገን ኣስዒቡ፡ እዛ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ፡ ሽምዓን ጥዋፍን ብምብራህ "ቅሱ ሰማእታትና" እናበለ ዝዝምረላ ዕለት፡ ንወለዶ ክትሰጋገር ዘለዋ - ዋጋ ክብረት ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነት፡ ሕድርን ለበዋን ሰማእታትና ክንፍጽም ዜግነታዊ ግዴታ ከምዘለና ኣተሓሳሲቡ።

እቲ መደብ፡ ብዝተፈላለየ ስነጥበባዊ ማሰናድኦታት ዝተሰነየ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንስልቲ ወጺኣን ዝርከባ ኣሃዱታት ቡበወገነን ሽምዓ ብምብራህን ስነ-ጥበባዊ መደባት ብምኪያድን ንሰማእታት ከምዝዘከራ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።





## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም, ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ, ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

# ደቡብ - 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ብልዑል ሓበን ተዘኪራ

ሪፖርታዥ

ዘርኣይ ብርሃ
ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ደብብ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኾዞ ኣሽሓት ሂወትን ማእለያ ዘይብሉ ጺጋታትን ገቢሩ ዘምጽኣ ናጽነት ኣብ ዝሓለፈት ወርሒ ግንቦት ብልዑል መዓርግ ክጽንብላ ድሕሪ ምቕናዩ፡ እንሆ ሎሚ'ውን ነቶም ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር ክዉን ንምግባር ዝሓለፉ ክቡራት ሰማእታቱ ብልዑል ሓበን ዝዝክረላ ወርሒ ሰነ ብሓፈሻ፡ ቅንያት 20 ሰነ ድማ ብፍላይ ኣብ ምዝካር ይርከብ ኣሎ።

"ኣማውታ በበይኑ ዓይነቱ፡ ገለን ሓለን ገለን ኣብ ዕበዩቱ" ከም ዝበሎ ደራፋይ፡ መስዋእቲ ኤርትራውያን ፍሉይ እዩ ዓይነቱ፡ ሓያላት ኢና በሃልትን ዘራያቶምን መሬት ከም ኣፍ ዕንቀ ኣጸቢቦም፡ ንኹሉ ተኽእሎታት ሰላማዊ ቃልሲ ብሓይሊ ብረት ምስ ረገጥዎ፡ መንእሰይ ኤርትራ ፈትዩ ዘይኮነ ተገዲዱ፡ ረድዩ ዘይኮነ ተናዲዱ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ንምኽባርን ወጽዓን ግፍዕን ህዝቡ ንምክልኻልን ናብ በረኻን ናብ መስዋእትን ወፊሩ።

እናተገርሩ ተጸሚዎምን ሓድሕዶም ተሳንዮምን፡ ነቲ ደረት ምጽማም ወዲ ሰብ ዝፈታተን ብድሆታት ሰጊሮም ኣኽሊል ዓወት ዘማዝሙና ስለ ዝኾኑ፡ ብጹኣን ምኳኖም ኣስሚሩሉ።

ኣቶ ኣብራሃም ኣብ መወዳእታ፡ "እዛ ብደም ጀጋኑ ዝመጸት፡ ደጊም'ውን ብደም ጀጋኑ እናተዋሕሰት ትቕጽል ዘላ ክብርቲ ሃገርና፡ መስመራ ከይሰሓተት፡ ሕድሪ ሰማእታት ከየዕበረት፡ ብኣኣም እናመሓለት፡ ስድራቤት ሰማእታት እናሓብሓበት፡ ንዘቐደሙ ዓሎቕኛታት ሰዩም ኣቢላ ንዝደሓሩ'ውን ኣሰሮም እናስዓበት - ብዓልቲ ብሩህ መጻኢ

ዝተዳለወት ሸግ ሰማእታት ብሓርበኛ ኣደ ሰለስተ ስዉኣት ወ/ሮ ሳዕዳ ስዒድ ዓብደላ ክትውላዕ እንከላ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብታኣብ ተስፋጼን ድማ ሕቑፍ ዕንባባ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣንቢሩ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወልዱ ንዝኽሪ 20 ሰነ ኣመልኪቱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት 20 ሰነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃገር ትሓቶ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ብጽንዓት እናኸፈለ ዘርኣዮ መኸተን ዝተኸተሎ ናይ ርእሰ ምርኮሳ ባህልን ወጽኢቱ ኣብ ቅድሚ ዓለም ኣብ ዝንልሓሉ ዘሎ ግዜ



ስወኣትና ዝትርኽ መዛሙር ህጻናት፡ ግጥምታትን ደርፍታትን መንእሰያት፡ ጸሎተ ፍትሓትን ዱዓን መራሕቲ ሃይማኖት ገለ ካብቶም ኣብ መላእ ዞባ ደብብ ዝተኻየዱ ናይ ዝኽሪ መደባት ኮይኖም፡ ዝርዝር ንጥፈታቶም ድማ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፦

ምሕራስ ግራወቲ ስድራ ስወኣት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ፡ ሕብረተሰብ ብዝተበግሶኡ ዘሰላስሎ ስሩዕ መደብ ኮይኑ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ብኣሽሓት ዝቑጸር ግራወቲ ስድራ ስወኣት ተሓሪሱ። ጽሬት፡ ምኹስኳስን ማይ ምስታይን

ዞባ ደብብን ስድራ ስወኣትን ዝርከቡዎም ሰራሕተኛታት መንግስትን ዕድመ ዝተጉብረሎም ወከልቲ ህዙብን ዝተረኽብሉ ናይ ዝኽሪ ዜማ መደብ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደብብ ኣቶ ኣብራሃም የውሃንስ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ "ኣብዚ ክብርን ዕዙዝን ኣጋጣሚ፡ ነቲ ማእለያ ዘይብሉ ቅያታት ገድልን ምኽባር ልኡላውነትን ዝሓቖፈ ማህደር ገድሊ ኣልዒልካ ምዝራብ ከቢድ'ዩ። ምኽንያቱ ኩሎም ሰማእታት ኤርትራ ነታ ዘይትምለስ ሂወቶም ብምውፋይ ዝሰርሕዎ ታሪኽ





ኮይና ኣብ ምምራሽ ትርኩብ ኣላ" ብምባል፡ መደብ ዝኽሪ ዜማ ንዘድመቑ ስነ-ጥበበኛታት ኣመስጊኑ።

ኣብቲ ንኣስታት ሓደ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐጸለ መደብ ዝኽሪ ዜማ፡ ንውዕሎ ሰማእታት ዝገልጹ ሽዱሽተ ደርፍታት፡ ሓሙሽተ ግጥምታትን ክልተ ድራማታትን ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ተመሃሮን ገዳይም ስነ-ጥበበኛታትን ዞባ ደብብ ቀሪቦም።

ዓርቢ 19 ሰነ እቲ ልሙድ ዝኽሪ ሰልፊ ሽምዓ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደብብ ብተሳትፎ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ተመሃሮን ብልዑል ሓበን ኣብ ኩለን መካነ ሰማእታት

ትዝክር ምህላዋ ፍሉይነት ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ሕጂ'ውን ኩሉ ዜጋ ኣብ ተማእዛዚት ሕግን ተወፋይነትን ዓሲሉ፡ ነቲ ሰማእታት ዝገደፍዎ ሕድሪ ምህናጽ ሃገር ብምልኣት ንምትግባር ኪይተሓለለ ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ብመንእሰያትን ህጻናትን ስነ ጥበበኛታት ዝተዳለወ ንኽብሪ መትከል፡ ውዕሎን ኣበርክቶን ሰማእታት ዝትርኽ - ሓንቲ ድራማ ትርከቦም ኣርባዕተ ደርፍታትን ሽዱሽተ ግጥምታትን ምስ ቀረበ፡ እቲ ንኣስታት ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐጸለ ናይ ሽምዓ ሰልፊ መደብ ድማ ብዝኽሪ ሰማእታት ተዛዚሙ።

ቀዳም 20 ሰነ ከኣ፡ ኣብ ሰዓታት

እንሆ ድማ ሎሚ እቶም ምቕሊ ኮይኖም ካብ ገድሊ ንናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ዝተመልሱ፡ እቶም "ኣርኩብ ደድሕሪ ኣሕዋትካ" ኢሎም መሪቖም ዘፋነዉ ወለድን እቶም ድሓር ዝተወለድና ሓደሽቲ ወሎዶታትን፡ ብሓባር ሰሚርና ሕድሪ ሰማእታት ብምልኣት ንምትግባር እናጸዓርና ንውዕሎ በረኻኦምን መስዋእቶምን ብልዑል ሓበን ኣብ ምዝካርን ኣብ ምትራኽን ንርከብ።

እዛ ረዛን ናይ ዝኽሪ ዕለት፡ ከም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ናይዛ ሃገር ኣብ ዞባ ደብብ'ውን ብዝተፈላለየ ንጥፈታት እያ ተዘኪራ። ንውዕሎ ጀጋኑ

ኣግራብ ስወኣት ኣብ መቓብር ሰማእታት ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ፡ ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብበንኡስ ዞባኡ ክሰላሰል እንከሎ፡ 18 ሰነ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ድማ ኣብ ኣብያተ-ክርስትያንን መሳጊድን ጸሎተ ፍትሓትን ዶዓን ሰማእታት ብመራሕቲ ሃይማኖት ተኻየዱ።

ብዘይካ'ቲ ብበንኡስ ዞባኡ ዝሰላሰል ንጥፈታት፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደብብ ዝወደቦ መደብ ዝኽሪ ዜማ'ውን፡ ብ18 ሰነ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መንደፈራ - ኣብ ቀጽሪ ምምሕዳር ዞባ ደብብ ተኻይዱ። ኣብቲ ኣመሓዳሪ






ኣዝዩ ብዙሕ፡ እቲ ዛጊት ተኻፊሩ ዘሎ ድማ ቁንጣሮ ስለ ዝኾነ" ኢሉ።

ቀጺሉ ኣቶ ኣብራሃም፡ ሰማእታት ቤቶምን ስድራቤቶምን ራሕሪሖም ከም ኣራዊት ኣብ ነቓዓትን ኣጻድፍን ሰፊሮም፡ ምስ ተመነ ዕንቅርቢት ተቓጺዮም፡ ኣብቲ ብረሰሱ ዝልብልብ ህሮሩማ ኣጻምእ ብጥሜትን ማይ ጽምእን እናተሳሕጉ፡ ኣብቲ ቀዝሕን ኣሳሒታን ብዕሩቕ ዝጠኖም ብቑሪ

ተፈጺሙ። ኣብቲ ኣብ መንደፈራ ዝተጉብረ ሰልፊ ሽምዓ ድማ፡ ኣባላት ፖሊስ ዝመርሕዎ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተቐማጦ መንደፈራ፡ ማሕበራት ገድሊ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ካብ ማእከል መንደፈራ ተበጊሶም ናብ መካነ መቓብር ሰማእታት በጺሖም።

መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ምስ ጀመረ፡ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት

ቅድሚ ቀትሪ ብመንእሰያት ዝተወደበ ናይ እግሪ ጉዕዞ መደብ ክካየድ እንከሎ፡ ምምሕዳር ከባቢታት በበኸባቢኡ ኣብ ዘዳለዋኦ ኮማዊ ዳስ ዝወዓለ መላእ ህዝቢ ዞባ ደብብ ድማ፡ ብሓባር ዝኽሪ ሰማእታት ብምግባርን መብጽዓኡ ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ብምሕዳስን ናይ ዝኽሪ መደቡ ዛዚሙ።

**ክብርን ሞጎስን ንሰማእታት ኤርትራ!**

# ዝኽሪ 20 ሰነ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

ሪፖርታዥ

ደምሳስ ጺጋይ
ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ



ኣብ ኤርትራ፡ ወርሒ ሰነ፡ ዘይከም ካልኦት ኣዋርሕ፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ረዚን ዝኽሪ ዘለዋ ወርሒ ኣብ ርእሲ ምዃና፡ ኑቶም መሰረት ህላወናን ምንጪ ዘሎብን ታሪኽናን ክብርታትናን ሃገራውያን ጀጋኑናን ብልዑል ሓበን እንዝክረላ ፍልይቲ ወርሒ'ውን እያ። እዚ ናይ ዝኽሪ እዋን ግና፡ ኑቲ ዘኹርዕ ታሪኾም እንዝክረሉ ኣጋጣሚ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ባህሊን ክብርታትን ጀጋኑ ሰማእታትና ንምዕቃብን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ከምዝኸይድ ንምግባርን መብጽዓና እንሐድሰሉ ኣጋጣሚ እውን እዩ።



ናይ ሎም-ዓመት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ ብፍላይ፡ ህዝቢ፡ ተመሃሮ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት ዘሳተፈ ካብ 15 ሰነ ዝጀመረ ከም ማእቶታዊ ወፈራ ጽሬት ኣብ መቓብር ሓርበኛታት፡ ምጽጋን ኣባይትን ምሕራስ ግራውትን ስድራ ስዉኣትን ከምኡ'ውን ካብ ህዝቢ፡ ሲቪል ሰራሕተኛታትን ሰብ ጸጋን ዝተዋጽአ ልዕሊ 1 ሚልዮን ናቕፋ ደበስ ንስድራ ስዉኣትን ካልእን ዘጠቓለለ ንጥፈታት ብምስልሳል ብልዑል ሓበን ተዘኪሩ።

ብ20 ሰነ ኣብ ከተማ ባጽዕ ብደረጃ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ንግሆ ሰዓት ሽዱሽተ ኣኪያዲ ስራሕ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኩብሮም ዓንደሚካኤል ዝርከቦም ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ከምኡ'ውን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብኣሸሓት ዝቑጸር ህዝቡን ኣብ ሕጥምሎ ተበጊሶም ክሳብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት እምኩሉ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካዪዶም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣኪያዲ ስራሕ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኩብሮም ዓንደምካኤል፡ ንኹበሪ እቶም ንስለና ዝተበጀዉ ጀጋኑ ሰማእታትና ኣኽሊል ዕንባባ ድሕሪ ምንባር፡ ንኩበሪ'ታ ረዛን ዕለት ኣመልኪቱ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ 20 ሰነ ብሕልናን ዝኽርን ከምኡ'ውን ብዕዮን ግብራዊ ስራሕን እንኽትዝክር፡ እቲ ዝኸበረን ዝዓዘዘን ኣጋጣሚ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ጸላም ቀንጢጦም ብርሃን ናጽነት ዘስፈኑ፡ ሂወቶም በጃዮም ሂወት ዝፈጠሩ፡ ምእንቲ ርስቲ፡ ምእንቲ ሃገር፡ ምእንቲ ክብረትን ነባሪ ናጽነት ንምምጻእ ዝሓለፉ ሰማእታት፡ ሕድሮም ኣጽኒዕና፡ ባህግታቶም እኑተግብረሉ፡ ኑበስና ፈቲሸና ልብታትና እነስምረሉ ቅንያት ዝኽሪ ሓበን ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

ናይ ሎም ዓመት ዝኽሪ 20 ሰነ፡ ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት በዲህና ብኾሉ መዳያት በሪኽና ሃገርናን ክብርናን ኣብ ዘውሓስናሉን ከምኡ'ውን ኣብዚ ናይ ሰላም ሃዋሁ ዝፍስሉ ዘሎ መድረኽ ይዝከር ብምህላዉ፡ ናቱ ፍሉይነትን ርዝነትን ከም ዘለዎ ብምሕባር፡ "ነዚ ክቡር ዝብቀዑና ጀጋኑ ሰማእታትና ብልዑል ወንን ሓበንን ክንዝክሮም ይግባእ" ክብል ኣስሚሩሉ።

ኣብታ ዕለት፡ ንታሪኽ፡ ውዕሎን ቅያን ጀጋኑ ሰማእታት ንድሕሪት መሊሱ ዘዘኻኽርን መብጽዓኦም ዘሐድስን ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ቀሪቡ።




ብዘይ'ካዚ፡ 19 ሰነ ኣብ ሰዓታት ኣጋ ምሸት ኣብ ዝተገብረ ሰልፊ ሽምዓ፡ ኣኪያዲ ስራሕ ዝርከቦም ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ብኣሸሓት ዝቑጸር ህዝቢን ኣብ ጎልጎል ሲጋለት ብምትእኽኻቡ፡ ብውተሃደራዊ ማርሽ እናተመርሑ፡ ምስ ጀጋኑ ሰማእታቶም ብሕልና ተራኺቦም እናኣዕለሉ ብህዱእ ስጉምቲ ክሳብ ናብቲ ኣብ 1990 ሲጋለት ቀጣን ንምስጋር ዝተፈጸመ ቅያን ጅግንነትን ዝተኸፍለ ከቢድ ዋጋን ከምኡ'ውን ሲጋለት ንምስጋር ኣብ ዝተገብረ ኩናት ቅያ ሰሪሐን ዝተሃርማ ታንክታት ዓሪፈናሉ ዘለዋ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ናይ ሽምዓ ሰልፊ ተኻዪዱ።



ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ንኩበሪ ናይ'ታ ረዛን ምሸት፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ኣብ ዘስመዮ መኽፈቲ ቃል፡ "20 ሰነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ወትሩ ንርዝነት ሞያ ሰማእታቱ ዘድምቕ ዝተፈላለየ መደባት ብምድላው፡ ፍቕሩ፡ መብጽዓኡን ምስጋናኡን ዝገልጸላ ረዛን ዕለት ከም ዝኾነት ብምግላጽ፡ እዛ ብኸቢድ መስዋእቲ ህላወኣ ዘረጋገጸት ሃገር፡ ብመጠን ዝተኸፍለላ ረዚን ዋጋ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ሞሳ ስዉኣቱ ብዓቢ ንምኽፋል ተወፍዩ ክጸዪ ረዚን ማሕላ ኣለዎ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕን መዓልትን ኑቲ ሒደት መዳርግቲ ጥራይ ዘለዎ ሞያኦም ብሓበን ብምዝካር፡ ሕልናና ዘቖሰን ንረብሓ ሃገርን ህዝቡን ዘዕዝዘ ኣበርክቶ ክግበር ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ናይ ዝኽሪ ምሸት፡ ኣኪያዲ ስራሕ ኣቶ ኩብሮም ዓንደምካኤል፣ ግዝያዊ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮሎኔል ኣሕመድ መሓመድ-ዓሊ፡ ከምኡ'ውን ቤት ጽሕፈት ህግደፍ፡ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ፡ ሃማደኤን ስድራ ስዉኣትን፡ ንዝኽሪ'ቶም ከም ሽምዓ መኺኾም ብርሃን ዝሃቡና ሰማእታትና ሽምዓ ወሊዖም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ባና ምሉእ ሓርነት ብምውላዕ ዳግማይ ዘይትምለስ ሂወቶም ዝኸፈሉ ጀጋኑ ሰማእታትና ዘጉልሕ ከምኡ'ውን ትርጉም መስዋእትነትን ሕድሪ ሰማእታትን ዘንጸባርቕ ግጥሚታት፡ ትረኻን ዝተፈላለየ ዜማታትን ዘጠቓለለ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ነታ ረዛን ምሸት ፍሉይ ድምቀት ሂቡዋ ኣምሲዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብ18 ሰነ ብምትሕብባር ምምሕዳር ከተማን ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕን ዝተዳለወ መደብ ዝኽሪ ሓበን፡ ኣብቲ ኣብ 1977 ከተማ ባጽዕ ንምሕራር ሓያል ምርብራብ ዝተኻየደሉን ልዑል ቅያን ጅግንነትን ዝተፈጸመሉን ጎልጎል ሳሊና ተኻዪዱ።

ኣብቲ መደብ፡ ኣኪያዲ ስራሕ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከቦም፡ ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ከምኡ'ውን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብርክት ዝበለ ህዝብን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዝገበሮ ሓጺር መደረ፡ 20 ሰነ፡ ጀጋኑ ሰማእታትና ሂወቶም ዝበጀዉሉ ዕላማ ርዝነቱ ካብ ጊዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ክኸይድ ግድነት እኳ እንተኾነ፡ ሕልፊ ካልእ በዓላትን እዋንን ዚያዳ እንሕበነላ ዕለት ከምዝኾነት ብምምልካት፡ ጀጋኑ ስዉኣትና ሳላ ዝሃቡና ክብርን ዘወልዑልና ብርሃንን ብክልተ እግርና ደልዲልና ረጊጽና ኣብ ዘለናሉ፡ "ምህናጽ ሕፍርትን ምዕባልትን ሃገር" ዝብል መብጽዓኦም ዳግም እነሐድሰሉ ዕለት ከም ዝኾነ ኣገንዚቡ።

እቲ ብጉጅለ ባህሊ ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ዝተዳለወ መደብ ዝኽሪ ሓበን፡ ንሕሉፍ ቅያን ውዕሎን ጀጋኑ፡ ከምኡ'ውን ንህሉው ወለዶ ዝስከሞ ሕድሪ ሰማእታት ብዘውክል ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ዝተሰነየ ነይሩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ኣከባቢ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መዛግብ ታሪኽና |
| 14:25 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግማ) |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዶክመንት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ጽባቕ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሪፓርታዥ

# ቅንያት ዝኽሪ ሓበን

ቤትኤል ሰለሙን
ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ማእከል

ወርሒ ግንቦት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ብሓጎስን ፍስሃን ብዘተቓጸየ መንፈስ "ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ጸንቢሉ ናጽነቱ ከብዕል ወሪሑ። እንሆ ከኣ እታ ወርሒ ግንቦት ዝወለደት ረዚን ወርሒ ሰነ ደቢኻ ኢላ። ሕጂውን እቲ መሪሩ ዝሓለፈቶ ዋጋ ከየብቅቐ ምሩጻት ዝወፈየ ኤርትራዊ፣ ንሰማእታቱ ዝኽሮምን ክብሮምን ንምንጽብራቕ ላዕለን ታሕትን ይብል።



ኣብ ወርሒ ሰነ ንሕድሪ ሰማእታት ደብቅዕ'ዩ ዝዝሕል ዝተፈላለየ ንጥፈታት እዩ ዝሰላሰል። ማእቶታዊ መደባት፡ ምልጋስ ደም፡ ምትካል ፈልሲ፡ ብዝበሉ ከኣ ምድጋፍ ስድራቤት



ወይዘሮ ጅምዓ ኢብራሂም ሓላፊት ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን

ስውኣትን ደቂ ስውኣትን ይካየድ። ንፈጻምቲ ናይቲ መደብ ቅሳነት፡ ንኻልኣት ኣብነት ዝፈጥር ሰናይ ተግባር ኮይኑ ከኣ ይሓልፍ። ኣብ'ዚ ህሞት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰማእታቱ ዘለዎ ክብሪ ኀሊሑ ደርኡ። ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል'ውን፣ ኣብ ኣስመራ፡ ቀጽሪ ኢክስፖ ኣደራሽ ጂ-3 ስድራ ስውኣት ናይ ምድጋፍ መደብ ኣካይዱ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስትን ሓለፍቲ ማሕበራት፡ መምሃራንን ተመሃሮን ከምኡ'ውን ስድራቤት ስውኣት ኣብ ዝተረኽብሉ ዝተኻየደ ናይ ምርኽኻብ ስነስርዓት መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት እዩ ፈሊሙ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ኣብ'ቲ ዞባ መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ "ኣብ ዓውደ ኣዋርሕ ኤርትራ ዝረዘነትን ሕድሪ እተሰከምን ዕለት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት እያ" ድሕሪ ምባል ኣብዛ ዕለት ምስ ሕልናናን መንፈሶምን እንዘራረበሉ፣ ረሲዕና ከይንኸውን እንዘራረበላ ዕለት ብምዃና'ዩ ርዝነታን ፍሉይነታን ብምባል ወሲኹ ገሊጹ።

"ዘይትትካእ ሂወቶም በጃ ዝሃቡ፣ ትንፋሶም ኣብ ትንፋስ ናጽነት ዝሰኸዑ ሰማእቲ ኤርትራ ሕድሮም ክንትግብር ከለና ሕልናና ከዕርፍ ደኣ እምበር ዕዳኦም ከፊልና ወዲእና ሩፍ ክንብል ማለት ኣይኮነን" ዝበለ መም/በላይ፡ ሕድሪ ሰማእታት እናተሓደሰ ንዚያዳ ሃገራዊ ተወፋይነትን ህንጸትን ዝደፍእ ደራኺ ሓይሊ ምዃኑ ብምጥቃስ ከኣ፡ ንስድራቤት ስውኣት ንምድጋፍ ብመምሃራንን ሰራሕተኛታትን ንዝተወሰደ ተበግሶን ንምዕዋቱ ዝተኻየደ ጻዕርን ሞጒሱ።



ወይዘሮ ይርግኣለም መኮነን ካብ ጻዕዳ ክርስትያን

ንዕላማ ናይቲ መደብ ኣመልኪቱ መብርሂ ክህቡ ዝተወከሱዎ፣ መምህር ወርሽ ኪዳ ሓላፊ ሰነ ምምህርና ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብን ኣባል ኣካያዲት ኮሚተን እዩ ነይሩ። እቲ መደብ ንፈለማ ግዜኡ ይካየድ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ስድራቤት ስውኣት ናይ ምድጋፍ መደብ ምስ ወጸ ኩሉ መምህር ብሓጎስ ከምዝተቐበሎ ኣብሪሁ።

"ሰማእታት ዘሰከሙና ሕድሪ ረዚን እዩ። ስለዝኾነ ስድራ ስውኣትን ደቂ ስውኣትን ምሕብሓብ ከኣ ንዖና ምስ ዝኸፈሉልና ዋጋ ዝዳረግ ኣይኮነን።" ዝበለ መምህር ወርሽ፡ ሕልንኦም ዝቐስኑሉ ዕማማት ንምፍጻምን እዚ መደብ ቀጻልነት ከምዝህልዎ ንምግባርን ጻዕሮም ከዛይዱ ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ከም'ዚ ንዝኣመሰለ ቅዱስ ተግባር ክሰዕቦ ብምምሕጻን እዩ ሓሳቡ ዛዚሙ።

መምህር ሰለሙን በርሀ ሓላፊ ምክትታል ባህሊ ከኣ፡ ንዝተኻየደ መደባት ብኸመይ ዝሰዕብ እዩ ገሊጹዎ። "እዚ ተገይሩ ዘሎ ዓቢ ነገር መዓስ ኮይኑ፣ ንስድራ'ቶም ምእንታና በጃ ዝኾኑ ሰማእታት ምድጋፍ ብኹሉ ኤርትራዊ ክካየድ ዝጸንሐ ቅዱስ ተግባር እዩ። ንሕና ኣካል እዚ ዕማማት ምዃንና ከኣ ኩርዓት ይስምዓና።" ክብል እዩ ተዛሪቡ።

እቲ ዝተዋጽአ ገንዘብ 380 ሽሕ ናቕፋ እዩ። እዚ ገንዘብ ኑቶም ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ተለልዮም ዝመጽኡ 38 ስድራቤት ስውኣት እዩ ከም ዝመቓረሐ ተገይሩ። ንሓላፊት ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ወ/ሮ ጅምዓ ኢብራሂም ኣዘራሪብናያ ነይርና።

"ስድራ ቤት ስውኣት ናይ ምድጋፍ ንጥፈት፡ ዓመት መመላእታ ዝካየድ ዜግነታዊ ዕማም ኤርትራውያን እዩ። ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝነብር ዜጋ ዝነብሮ ደገፋት ከኣ ኣብ ስውኣቱ ዘለዎ ኣኽብሮትን ተገዳስነትን ኣገላሊጹ ዘርኢ እዩ።" ኢላ ሓሳባ ድሕሪ ምግላጽ፡ እዞም ኣብታ ዕለት ሓገዝ ዝተገበረሎም ስድራ ስውኣት ብምምሕዳር ከባቢ ተለልዮም ዝመጽኡ ምዃኖም ሓቢራ።

እቲ ዝግበር ዘሎ ሓገዝ ንስድራ ስውኣት፡ ኣብ ጎኖም ከምዘለኻ ምርግጋጽ ብምዃኑ ቀሊል ከምዘይኮነ ዝገለጸትልና ወ/ሮ ጅምዓ፡ ስድራ ስውኣት ሓለፍቲ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ስለዝኾኑ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓገዛት ክጸዩ ቅኑ ሰማእታት ክኽይደን ብዘተወደበን ብዘሰፍሐን መልክዑ ቀጻልነት ክህልዎን ኣተሓሳሲባ።

"እዚ ዝተገብረለይ ሓገዝ ንዓይ ካብ ትጽቢተይ ወጻኢ እዩ። ከምቲ ዝበለ ሓገዝ ብመምሃራን ኣሕዋተይን ደቀይን ክረክብ ብምኽኣለይ ሓጎሰይ ክቶጻጸሮ ኣይከኣልኩን። እቶም እዚ ሓሳብ ዘጠነሱን ዝተግበሩን ከኣ ዕድመን ጥዕናን ይሃቦም።" ብምባል ቃላ ዝሃበትና ካብ ምምሕዳር ጻዕዳ ክርስትያን ዝመጸት ሓገዝ ዝተገበረላ ጓል ስውእን ብዓልቲ ቤት ስውእን ወ/ሮ ይርግኣለም መኮነን እያ።

ካብ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ምምሕዳር ከባቢ ገዛ ዐብል ዝመጸት ብዓልቲ ቤት ስውእ ወ/ሮ ኣሲያ ኢስማዒል ብወገና፡ "ሰይቲ ስውእ ምዃነይ ከምዝሕበን ዝነብር ህዝቢ ስለዘሎ ሓበን ተሰሚዑኒ ኣሎ። ስድራ ስውኣትን ደቂ ስውኣትን ምንባይ ሕድሪ ናይቶም ዝሓለፉ ስውኣትና ምፍጻም እዩ እሞ ኑቶም ከምዚ ናትና ሓገዝ ዘይረኸቡ ስድራቤታት ንምድጋፍ ኢደይ ኢደካ ብምባል ክንጓየን ሓብርና ክንሰርሕን ኣገዳሲ እዩ።" ክትብል እያ ምስ ዝተፈራረቖ ስምዒት ሓሳብ ገሊጻትልና።

ኣቡነ ገሬሕ ኣዳራሽ ጂ-3 ስድራ ስውኣት ማማቒም እዮም ነይሮም። እቲ ምንታይ ኣለናልኩም ዝብልዎምን ኣብ ጎኖም ደው ዝብሉን ናይ መንፈስ ቤተሰብ ስለዘለዉዎም። ከም ኣካል ናይቲ ዝተወደበ መደብ፡ ንኹሉ ተሳታፊ ዝተዓደለ ጥዋፍ፣ ብሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ እናተመርሐ ናይ ምውላዕ ስነ ስርዓት ተኻይዱ።

መንእሰያት መምሃራን ኣቡነ ዕድመ ዝተሳተፉን ኑቲ መደብ ዘዐወቱን ኣካላት



መንእሰያት ብምዃኖም ከምዚ ዝበለ ተበግሶ ብዝኦም ፍቓዶም ክወስዱ ብምኽኣሎም ሕድሪ ስውእ ይፍጸም ምህላዉ የግህደልና። ስለዝኾነ፡ ነፍሲ ወከፍ ናይ ስራሕ ንጥፈታቶም ሰማእታት እናዘከሩ ክሰርሑ መድረኽ ዝኸፍት ኣጋጣሚ እዩ።" ክብል ንሕቶና መብርሂ ሂቡ።

ኑቲ ናይ ዝኽርን ምፍጻም ሕድርን ዝዕላምኡ መደብ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንርዝነት ናይቲ ዕለትን ንዋጋ ማሰዋእትን ዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ ፍርያት ብምቕራብ እዮም ኣድሚቖሞ ነይሮም።

ንሰድራ ስውኣት ዝተመቓርሐ ገንዘብ

እዩም፡ ኣቡነ ዝተጉበረ መደባት ከም መንእሰያት ቅኑ ሰማእታት ዘሰከሞም ሓለፍቲ ክገልጹልና፡ ንመምህር ሰምኣር ሰለሞን ካብ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ፣ ከምኡ'ውን ንመምህር ዳኒኤል ሰለሞን ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ተወከስናዮም ነይርና።


መምህር ሰምኣር ኣብ መልሳ "ኩልና ከምእንርድኦ ቅኑ ሰማእታት ረዚን ዕለት እዩ። ምእንታና ዝተወፈዩ ሰማእታት ኣለዉና። እዚ ተገይሩ ዘሎ ደገፍ ዝንኣስ እዩ። ገንዘባዊ ሓገዝ ምስቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ዝዳረግ ኣይኮነን። ንስድራ ናይቶም ሂወት ዝኸፈሉ ሰማእታት ምድጋፍ ዕጋበት ዝፈጥር እዩ።"



ወይዘሮ ኣሰያ እስማዒል ካብ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ

ኢላ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሃገር ብከቢድ ዋጋ ዝመጸት ብምዃና ኩሉ መንእሰይ ኣብ ዘለዎ ዓውዲ ንትግበረ ሕድሪ ሰማእታት እጃሙ ክዋጻእን ብሓላፍነት ክዐዪን 20 ሰነ ዘሰከሞ ሓላፍነት ምዃኑ ኣብሪሃ።

መምህር ዳኒኤል ሰለሞን ብወገኑ፡ "ከንዮ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝኸይድ ዕላማ ዝሓዘለ መደብ'ዩ፡ ንሱ ከኣ ዝጠዝሉ መምሃራን



መምህር በላይ ሃብተጋብር ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል

ናይ ምዕዳል ማስርሕ ምስ ተዛዘመ፡ "ቅሱ ሰማእታት" ብዝብል ናይ ሓቦር መዝሙር እዩ መዚሞሚ ናይቲ መደብ ክኸውን ተሓርዩ። ኑቶም ንጣዕሚ ህዝቦምን ክብረት ሃገሮምን ህይወቶም ዝወፈዩ ሰማእታት፡ ቅሱ ሕድርኹም ንምትግባር ኣለና ኣብ ኣሰር ብዝትሕዝቶኡ መዝሙር እዩ እቲ መደብ ተዓጺዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ኩለን ትካላት መንግስቲ ዞባ ማእከል ካብ 14 ሰነ ዝፈለመ ናይ ምግራብ፡ ምኽሳኩስ፡ ምዝላይን ዝኣመሰሉ ማእቶታዊ ንጥፈታት ከካይዱ ከለዉ፡ ደም ምልጋስ፡ ንስድራ ስውኣትን ደቂ ስውኣትን ገንዘብውን ሞራላውን ሓገዛት ዘበርክቱ'ውን ሓደት ኣይኮኑን። ብተወሳኺ ብማሕበር ተጋደልቲ፡ ማሕበር ወጽኡቲ ታክሲ፡ ኣባላት 1ይ ዙርያ፡ ህግደፍ ዞባ ማእከል፡ ሚኒስትሪ ዜና፡ ፖሊስ ኤርትራ ኣምግሬሽንን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ትካላት መንግስቲን ናይ ዝኽሪ ሓበን መደባት ብምኽያድ ንቅንያት ሰማእታት ርዝነት ካብ ዘወሰኹ ንጥፈታት ኮይናም ተሰሪዖም ኣለዉ።






# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሰስቲ ወ/ሮ ልኡላ መሓሪ ወ/ነ ስውእቲ ኣማረሽ ብርሃ መሓሪ (ፍልፍል ካሕሳይ ደረጀዮን) ወረ/ ስውእቲ ናጽነት ብርሃ መሓሪ (ወ/ሮ ለምለም የውሃንስን ወ/ሮ ቤትኤል የውሃንስ) ወረ/ፍ ንግስቲ ብርሃ መሓሪ (ኣቶ ተሰፎም ዑቕባዜን) ዘዘበዝልኩም፡ ንኻኹም ዝምልከት ናይ ምቅሊት ወርሲ ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ደርአ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ተኸሰስቲ 2.1 ሰለደ ብርሃ ገብረማርያም 2.2 ፍናን ብርሃ ገብረማርያም 2.3 ሻም ብርሃ ገብረማርያም፣ ኣብ ልዕለኹም ኣቶ ግርማይ ዳኘው ንስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ማሰራቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/7/26 ኣብ ቤፍ/ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ሚልኪያስ ገዚኢ ገብረመድህን፡ ተኻሳሲ ዳዊት ኣፈወርቂ ተወልዱ ንጉዳይ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ሓሊማ ሳልሕ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ኣኪየር ሓምድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፣ ኣኪየር ኣሕመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚልዮን ጺጋይ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፣ ሚልዮን ጺጋይ ኣብራሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚልዮን ጺጋይ ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ የሩሳሌም ዘረፈ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፣ የሩሳሌም ገብረሊባኖስ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ሙሳ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፣ ማሕሙድ ሙሳ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ኢማን ኣደም ሰሌማን፡ ወደይ ወ/ሮ እንትሳር ዑስማን ፍቓክ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዞባ ሰላም ዝርከብ ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ ልቾንሳ ናይ ደኳን ዝርዝር ሃለኽቲ ብቑ/ፍቓድ ንግዲ GBL00003943 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ብዕለት 16/10/2025 ብቑ/መዝ-22/025 ዝፈጸመትለይ ወህብቶ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኣቶ ገብረኪዳን ሓይለኣብ ባህታ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኣልማዝ ሞኮሳ፡ ናይ ውዕል ገዛ ክራይ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰምባል ጎደና ሑዳይ -748 ቁ.ገዛ ብቑ/. ፍቓድ ዋኒን ASL00018888 ናይ ሆቴልን ሰይታዊ ትልሂትን ትካል ወ/ሮ ኣብርሀት ኣብርሃ ዑቕባሚበርኤል፡ ብዕለት 09/08/2022 ቁ.መዝ 102/2024 ብወህብቶ ስለዝሃበትኒ፡ ብስም ወዛቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሲ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ወህብቶ ተረኺበ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ሃይለ በርሀ ሓጎስ

---

ብስም ተስፋሚካኤል ገብራይ ፍጡር ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL000436354 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ዓሊተና መረብ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ቤት ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን ትካለይ፡ ንኣቶ ኣማንኤል ጎይትኦም ወልደሰላሴን ሰለሙን ገብረሚካኤል ክፍሉማም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና ዓይጉት ቁ.ገዛ 43 ካብ ዕለት 01/06/2026 ክሳብ ዕለት 31/05/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝጉባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ተስፋሚካኤል ገብራይ ፍጡር

---

ብስም ዓብደልቃድር ዑስማን ዓብደልቃድር፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00034744 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ዓዲ ኸኣላ ቁ.ገዛ 53 ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንኣ/ቶ ንጉሰ መብራህቱ ወልደገርግሽ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና 131-11ቁ.ገዛ 30 ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 31/04/2029 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝጉባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ዓብደልቃድር ዑስማን ዓብደልቃድር
ሕጋዊ ወከል ጀላኒ ዓብደልከሪም

---

ብስም ምሕረት ተኽለሰንበት ዘምህረት ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00041742 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በሪኽ ጻዕዳ ክርስትያን ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ገዛ እንዳ ሞኮነ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ምሕረት ተኽስተ ከፈይ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በሪኽ ጻዕዳ ክርስትያን ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 21/02/2026 ክሳብ ዕለት 20/02/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝጉባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ምሕረት ተኽለሰንበት ዘምህረት
ሕጋዊ ወከል ኣቶ ሚካኤል መሓሪ ግደ

---

ብስም ሃናእ ፋራሕ ኢማም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00040506 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ኸኣላ ቁ.ገዛ 33 ዝርከብ ናይ ገዛ ኣቕሑት ፈርኒቸር ትካለይ፡ ንኣቶ ምስዮና ተወልደ ህዝቅያስ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ኳላ ቁ.ገዛ 33 ካብ ዕለት 01/06/2026 ክሳብ ዕለት 31/05/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝጉባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሃናእ ፋራሕ ኢማም
ሕጋዊ ወከል ኣቶ ፋራሕ ኢማም ዓብደልቃድር

---

ብስም ዑመር ዘይኑ ኣሕመድ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00035428 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣከለጉዛይ ቁ.ገዛ 11 ዝርከብ ናይ ሰፋይ ክዳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣሚራ መሓመድ ሰዒድ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ሳሕል ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/11/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝጉባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ዑመር ዘይኑ ኣሕመድ

---



ሓደስቲ መጽሓፍቲ

NEW BOOKS

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*

ነፍሰ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ




ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

07151337/07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሉታይ እስቲፋኖስ ኣብዩ፥ ተኸሳሲት ሰሊና ተስፋኣለም እስቲፋኖስ፡ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ጉዑሽ ገብረእየሱስ ተኽለማርያም፡ ካብ ወላዲታ ነ/ፍ ኣዳሽ ባህታ ከተም፡ ብለዋ ኣብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ዝርከብ ገንዘብ ናብ ስማ ክመሓላለፍ ስለ ዘመልከተት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

ኣብ ሞንጎ ከሰስን ተኸሰስትን ዘሎ ናይ ሚኪና ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ብዝምልከት፡ ተኸሰስቲ 1.ሄኖክ ዓንደብርሃን ገብረገርግሽ 2.ሄለን ዓንደብርሃን ገብረገርግሽ 3.ኣሮን ዓንደብርሃን ገብረገርግሽ 4.የብል ዓንደብርሃን ገብረገርግሽ፥ ኣድራሻኹም ኣብ ወጻኢ ሃገር ብዝጸሩ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ (ሲነማ ሮማ) መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ትግኒት ደባስ ዘርኣጋብር፡ ብዋል ቤተይ ሃይለ መሓሪ ገብረ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሳሙኤል ገብረሃዋርያት ገብረኣምላኽ፥ ብዋልተ ቤተይ ቤተልሄም ዳዊት ሙብራህቱ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ሓድሽ ኣርኣያ ገብረሰላሴ፡ ብፍ/በ/መሳል ዳኒኤል ስምረት ተሰፋዝጊ፥ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ጸሃይሻ ገብረንጉስ ክፍሎም፡ ኣደይ ነፍ/ ዘውዲ ተኽለ ኢማን ኣብ ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥኑዳ ጎደና መተሞ፥ ቁ/ገዛ 13 ኣብ ትምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109715 መወከሲ ቁ.121553፡ ብዕለት 25/11/2024 ብዝዘበረትለይ ወህብቶ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣስመረት ተከኤ ተስፋጽዮን፥ ብዋል ቤተይ ብርሃ ኣብርሃ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ሰረቐ ሃብተ ወልደኪሮስ፡ ኣደይ ጸገወይኒ ወልደስላሴ ተኽልከኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ኮምኡ'ውን ንኣቦና ሃብተ ወልደኪሮስ ናይ መጸምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅድስቲ ገብረሃዋርያት ካሳ ምጣል ተሪፉ፥ ቀደሻ ገብረሃዋርያት ካሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ንግስቲ ተስፋማርያም ወልደሰሉ፥ ብዋል ቤተይ እስቲፋኖስ ተወልደብርሃ፥ ብዚወት ከሎ ኣብ ን/ዞባ በሪኽ ምም/ከበ. ቁሸት 28 ፓርሰል B ኣብ 190 ት/ሜትሮ ኳድሮ ዝሰፍሓቱ 3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ኣብ ሚ/ሪ መሬትን ማይን ኣከቡበን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብስሙ ዝተመዝገበ፥ ብዕለት 23/08/18 ኣብ ረጅስትራር ዞባ ማእከል ብወህብቶ ዝሃበኒ መንበሪ ገዛ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ኣቤል ጊላይ ተኽለማርያም ምጣል ተሪፉ፥ ኣቤል ጊላሚካኤል ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓረና የውሃንስ ኣዴና ወይኒ ወልዳይ ገብረሂወት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኤልያስ ተስፋይ ቀለታ፡ ኣቡሓጎይ ቀለታ ወልዳይ ማሕሪይን ዓቦይ ወ/ሮ ሰንደቅ ሃብትዝጊን ስለዝዋረፉ፥ ኣቦና ብዚወት ስለ ዘየሉ ኣነ ምስ 14 ኣሕዋተይ ሓወቦይ1 ተተኪኢት ጓል ሰወእ ዑቕባዝጊ ቀለታ 2 ተተኪኢ ነ/ሄር ሓጉስ ቀለታ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ረዚና ተከኤ ኣብርሃ፥ ተጸዋዒ ብዋል ቤተይ ኣቶ ዘርኢት ኣፈወርቂ ሃይሉ 9 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፥ ብጋዜጣ ይጸዋዓለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጽገረዳ የማነ ሓጎስ፡ ብዋል ቤተይ ሳሚኤል ክፍለ ሃብተስላሴ ስለዝዘተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ረዳእ ዓንደም የዕበዮ ምጣል ተሪፉ፥ ረዳኢት ዓንደም የዕበዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሂወት መሓሪ ሃብተ ምጣል ተሪፉ፥ ሄርሞን መሓሪ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰለማዊት ማሓሪ ተስፋጋብር፡ ብዋል ቤተይ ተጋ/ ተስፋልደት ገብረሚካኤል ሃይለ ስለዝዘተሰወአ፥ ኣነ ምስ 5 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ትርሓስ ካሕሳይ ተኽሉ፥ ብዋል ቤተይ ካፕ/በርሀ ተድላ ተመልሶ ስለዝዘተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዝዖማ ዓሊ ዲኒ ምጣል ተሪፉ፥ ዝዖማ መሓመድዓሊ መሓመድዲኒ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሙብራህቲ ጎይትኦም ሃይሉ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብትኣብ ሙብራህቶም ደስታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሰሌማን ዓሊ ዲኒ ምጣል ተሪፉ፥ ሰሌማን መሓመድዓሊ መሓመድዲኒ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ኢማን የሱፍ ባህታ ምጣል ተሪፉ፥ ኢማን የሱፍ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ኢብራሂም ሰዒድሓሰን ምጣል ተሪፉ፥ ዓሊ ሰዒድሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓየት ሞሉድ ኢብራሂም ምጣል ተሪፉ፥ ፋጥና ማሕሙድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓጅ ሳልም ሐመድ ምጣል ተሪፉ፥ ሓጁ ሳልም ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ሳሊም መልኣከ ተስፋጼን፥ ተጸዋዒ ተስፋብርሃን እስቲፋኖስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ስራት መሓመድ ሳልሕ ዓብደላ ምጣል ተሪፉ፥ ስራት ሳልሕ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ነጃት ሰዒድ ፈረጅ ምጣል ተሪፉ፥ ነጃት ሰዒድ ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ መሐመድ ኢብራሂም ምጣል ተሪፉ፥ እድሪስ መሓመድኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽሊት ወልደማርያም ሰገድ፡ ስም ኣደይ ለተብርሃን ደብሳይ ገብረመድህን ምጣል ተሪፉ፥ ለተብርሃን ገብረመድህን ደብሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ጸሃይሻ በራኺ ሃብቱ፡ ብዋል ቤተይ ፍስሃየ በየነ ተስፋይ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቁ ድማ ኣብ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋኣለም ዓንዳይ ኢሳቕ ምጣል ተሪፉ፥ ተስፋማርያም ዓንዳይ ኢሳቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ሓጋዚት መጽሓፍ

ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ (ክፍልታት 9-12)

Comprehensive Mathematics

Grade 9-12

- Algebra
- Geometry

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት ንኣልጀብራን ጀኦሜትሪን ሰፊሕን ዓሚቕን ሸፈነ እትህብ ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጀኦሜትሪን
- ✓ ብናህ ኣብነታት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
- ✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መኸዝን መጻሕፍቲ ትረኽብዎ።

ንዝያዳ ሓበሬታ

07142402 / 07461121

# መዓልቲ ሓበን ኣብ ኣ/ማ/ተ/ኤርትራ
# መትከል ስማእታትና፡ ዘይክማህ ጽንዓትና!



ዮሴፍ ሃይለማርያም

ስእሊ፦ ዓወት ኣሚን

ኣባላት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማእሰርት ተሃድሶ ኤርትራ፡ ንዝኽሪ ናይ'ቶም እዛ ክብርቲ ዕለት 20 ሰነ ዝወደቑ ጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ዝተፈላለየ መደባት ዝኽሪ ሓበን ኣካይዶም። ኣብ'ቲ ብ18 ሰነ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይ'ቲ ክፍሊ ዝተኻየደ መደብ፡ ንጅግንነትን ፍቕሪ ሃገርን ናይ'ቶም ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ቢጃ ዝኸፈሉ ሰማእታት ዝገልጽ፡ ሽሞዓ ብምብራህ ዝተሰነየ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ ማሳንድኣታት ቀሪቦም ኣምሲዮም። ኣዛዚ ናይ'ቲ ክፍሊ ብርጋዴር ጀነራል ግርማይ መሓሪ ንሰማእታት ዝውክል ዕምባባ ኣንቢሩን ሽሞዓ ወሊዑን።

ቀጺሉ ጸሓፊ ክፍሊ ተለንተ ዳዊት ተወልደ'ዩ ኑቲ ዕለት ዘበጸርቐ ቃል



ብ/ጀ ግርማይ መሓሪ



ሌላ መሓመድ ዑመር



ተኽለ ኣፈወርቂ

ኣሰምዒዑ፡፡ ተለንተ ዳዊት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ንሓቅን ፍትሕን ዝርግጹ ዓመጽቲ ገዛእቲ ሓይለታት፡ ናጽነቱን ሪመ-ን ተመጢሉ ከቢድ ቃልሰን መስዋእትን ክኸፍል ከም ዝተገደደ ጠቒሱ፡ ሳላ ጽንዓቱን ተወፋይነቱን ግን፡ ኣብ ዓለም ውሑድ መዳርግቲ ዘለዎ ቃልሲ ብምኽያድን ክቡር ሂወቱ ብምኽፋልን ናጽነቱን ልኡላውነትን ብቐጽልሙ ክዋንኣብጥ ከም ዝኸኣለ ገሊጹ፡፡ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ድማ፡ ምስ'ቶም ንስለ'ዛ ሃገር ዝወደቑ ጀጋኑ ሰማእታትና ብመንፈስን ሕልናን ተራኺብና፡ መብጽዓና እነሐድሰሉ፣ ሕድርም ንምድባስ ድማ፡ ኣብ ልምዓትን

መኸተን ብምሉእ ሓይልና ክንብጽስ ቃልና እንኣትወላ ክብርቲ ዕለት ስለ ዝኾነት፡ ወትሩ ኣብ ልብና ዝተወቀረት ምዃና ሓቢሩ፡፡

እቲ ዝቐረበ መደብ፡ ብመንእሰያት ኣባላት ናይ'ቲ ክፍሊ ዝተዳለወ፡ ሕድሪ ንዝተቐበሉ ዋርሳይ ወለዶ ዝገልጹ ድራማታት፡ ንጅግንነትን ተወፋይነትን ተጋዳላይን ህዝብን ዘንጸባርቑን ስምዒትካ ዝቕስቕሱን ሰውራዊ ደርፍታትን ግጥምታትን ደሚቑ ብምምሳይ'ዩ፡ ካብ ሰዓት 6፡00 ክሳብ 7፡30 ድ.ቐ ተኻዪዱ፡፡

ድሕሪ'ቲ መደብ ምዝዛሙ፡ ብዕለት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ ስምዒቶም ከካፍሉና ተወኪሰናዮም ነይርና። ሪለማ ንሚጀር ሃብተሚካኤል በርሀ ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ናይ'ቲ ክፍሊ ኢና ተወኪስናዮ። ሚጀር ሃብተሚካኤል፡ "መዓልቲ ሰማእታት፡ ካብ ሂወትና ዘይትፍለ ወትሩ ብሓበን እናዘከርናያ እትነብር ረዚን ዕለት'ያ፡፡ ኣባላት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣገ/ማእ/ተሃ/ኤርትራ ድማ፡ ሽሞዓ ብምውላዕ ቅሳነ ሰማእታትና ክንብል ምምሳይና፡ ናይ ሕልና ቅሳነት ይስምዓና" ብምባል፡ ነዚ ዕለት ንምድማቕ ዝቐረበ መደብ፡ ነቶም ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ኩናት ብጅግንነት ዝወደቑ ብጾትን ብግፍዒ ጸላኢ ዝተቐትሉ ዜጋታትን ዘዘንቱን ዘዘኻኽርን ስለ ዝነበረ፡ ፍሉይ ሓበንን ኩርዓትን ከም ዝተሰምዖ ገሊጹ፡፡ ሕድሪ ሰማእታትና ብግብሪ ተሰኪምም ዘለዉ መንእሰያት ናይ'ዚ ክፍሊ ድማ፡ ንታሪኽ ኣቦታቶምን ኣሕዋቶምን ብኸምዚ ክቐርብ ዘምስዮ ብድሙቕ ኣገባብ ከዘንትውዎን ክቐርብዎን ምኽኣሎም ዝተሰምዖ ኩርዓት ብምግላጽ፡ እዚ ኩሉ ኤርትራ ብመስዋእቲ ደቃ ተሓፊራ ከም እትነብር ዘረጋግጽ ምዃኑ ኣብሪሁ፡፡

ቀጺልና፡ ንተጋ/ ኣማኑኤል ተኸስተ ኣባል ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኢና ተወኪስናዮ፡፡ ተጋ/ ኣማኑኤል፡ ሽሞዓ ብምብራህን ዝተፈላለዩ ስነ ጥበባዊ ማሳንድኣታት ብምድላውን ዝዝከር ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣካል ናይ'ቲ ኩሉ

ህዝቢ ኤርትራ ብልዑል ሓበን ዝዝክሮ መዓልቲ ሰማእታት ምዃኑ ጠቒሱ፡ እቲ ዕላማ ድማ "ንሰማእታትና ብመንፈስ ምኻኑም ኣለና" ንምባል ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። ተጋ/ ኣማኑኤል ኣስዒቡ፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ወለዶታት እናተወራረሰ ዝመጽአ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ በዚ ምኽንያት ሕድሪ ዝኾኑ መንእሰያት ተደሪሱ ዝቐረበ ንመዓልቲ ሰማእታት ዝውክል ስነ ጥበባዊ ምርኢት፡ ብዚዩ መጠን ሰሓቢን፡ ኣብ ዝኽሪ ሓሳብ ኣእትዩ ንድሕሪት ናብ ዘመን ገድሊ ዝመልሰን ከም ዝነበረ ገሊጹ፡፡ ናጽነት ንምምጻእ ኮነ ሃገር ንምክልኻል ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ መስዋእቲ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምንባሩ ዘዘኻኸረ ተጋ/ ኣማኑኤል፡ ሕጂ'ውን ኻና ኣብ ተጻብኦን ከርተትን ብምህላውና ዝኽፈል ዘሎ መስዋእትን ጻዕርን ይቕጽል ስለ ዘሎ፡ ሰማእታትና ዝወደቑላ ሓላል መሬት ንኽይትድፈር፡ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ፡ ክሳብ መስዋእቲ ንምኽፋል ድሉዋት ምዃኖም ሓቢሩ፡፡ "ኣብ ነፍሲ ወከፍ መንደቕ ናይ ገዛ ተንጠልጢሎም ዘለዉ ጀጋኑ፡ እዛ ሃገር ብረዚን ዋጋ ዝመጸኣት ምዃና ዝምስክሩ'ዮም፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኩሉ ኤርትራ ሳላ መንእሰያት ደቃ ዘይትድፈር ኮይና ስለ ዘሎ፡ መኸተናን ልምዓትናን ብዘተወፋይነት እናሰላሰልና፡ ኣብ ሓደ ህርመት ክንገዓዝ መድረኽ ዝጠልቦ ሓላፍነት ምዃኑ ኣገዚቡ።

ተለንተ ንግስቲ ዑቕባስላሴን ሰስተር ሰማይነሽ ቀለታን ድማ፡ ጉዳይም ተጋድልቲ ኣባላት ናይ'ቲ ክፍሊ ኮይነን፡ ኣብ'ቲ መደብ፡ እናተቐባበላ ንብዓተን ዝገልጽ ግጥምታት ዘቕረባ'የን፡፡ መደብ ምስ ተዛዘመ ስምዒተን ከካፍላና ምስ ተወከስናየን ድማ፡ እቲ ዝቐረበ መደብ ዝኽሪ ሓበን፡ ንየም ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣብ ፈቐዶ ኩርንዓት ናይ'ዛ ክብርቲ ሃገር ዝወደቑ ጀጋኑ መቓልስተንን መሳርሕተንን ከም ዘዘኻኸረን ጠቒሰን፡ "ንሕና ናጽነት ርኢና፡ ወሊድና፡ ኣምሂርና፡ ኣመርዒና፡ ደቂ ደቅና ሰዒምና ኣለና፡፡ ንሶም ግና፡ ዝ ኩሉ ሪህዎ ከይረኣዩ፡ ከም'ኡ'ውን ጥዑም ከይበልዑ፡ ጽሩይ ከይሰተዩ ጽላል ከይረኸቡ'የም፡

እታ ዘይትትካእ ሂወቶም ወፊዮም በጃና ሓሊፎም ዘለዉ፡፡ ሕጂ ከኣ ብመስዋእቲ ዋርሳይን ይከኣሎን እናተሓለና፡ ቅሳነ ንብሎም" ክብላ ገሊጸን፡፡ ንሳተን ኣስዒበን፡ መዓልቲ ሰማእታትና፡ መሰረት ናጽነትን ህላወ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ስለ ዝኾነት፡ ዝዘንትእለት ተዘኪራ ክትነብር'ያ ኢለን፡፡ ሕጹብት መዓንጣ ዝኾኑ ተካእቲ ወለዶ ዋርሳይ ድማ፡ ኑቲ ናጽነት ኣብ ምምጻእን ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምኽባርን ዝተኸፍለ መሪር መስዋእቲ ተገንዚቦም፡ ጽንዓቶም ኣብርቲዖም ነዛ ህያብ ሰማእታትና ኤርትራ ዋሕስ ክኾኑዋ ተላብየን፡፡

"ሰማእታትና ሂወቶም ከፊሎም እዚ እነስተማቕሮ ዘለና ናጽነት ከስተንፍስ ስለ ዝገበሩ፡ ወትሩ ኣብ ልብና'ዩ ሰፊሮም" ዝበለትና ኣባል 33 ዙርያ መንእሰይ ኤደን ተወልደ ድማ፡ ኑቲ ሰማእታትና ዝጀመሩዎ ዕላማ ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ፡ ብስራሕ ሕድርም ንምፍጻም፡ ብጽንዓት ክንምርሽ ከም ዘለና ኣዘኻኺራ፡፡ "ብፍላይ መንእሰያት ተሰኪሞቲ ሕድሪ ንሃገርና ብልጽግትን ምዕብልትን ንምግባር፡ ኣብ'ቲ ዝተዋህበና ስራሕ ብዚዩ ተጉላቡት ዕምምና ክንፍጽም ይግባእ" ኢላ፡፡

መንእሰይ ኤደን ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኑቲ ረዚን ዕለት ሰማእታት ንምድማቕ፡ ነዛ ሓላል መሬት "ልሳን ኣብ ከፊ" ዝበል ግጥሚ ኣቕሪባ ነይራ፡፡ ትሕዝቶ ናይ'ታ ግጥሚ፡ ነዚ ኩሉ ምስጢራት ኣብ ከርሳ ሓቒፋ ዘላ መሬት፡ ንውዕለት ናይ'ቶም ጀጋኑ ንምንጋር፡ ልሳን ኮይና ክተዘንቱ ኣለዋ ዝበል'ዩ፡፡ መሬት ኤርትራ፡ ልዕሊ ማንም ሰብ፡ ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን ግፍዒ፡ ምረትን መቕተልትን ዝረኣየትን ደም ንጹሃት ዜጋታት ዝፈሰሰን ስለ ዝኾነት፣ ብዕዝባ'ቲ ሲዒዎ ዘላ ታሪኽን ጅግንነትን ሰማእታት ልዕሊኣ ክምስክር ዝኽእል ስለ ዘየለ፡ ኣብ ክንዲ ኩላትና ኮይና፡ ንዝርኣየቶን ዝሰምዓቶን ክተዘንቱ ዝጽውዕ'ዩ ነይሩ፡፡

ሌላ መሓመድ ዑመር'ውን ኣባል 35 ዙርያ ኮይና፡ ካብ'ቲ ክቐርብ ዘምስዮ መደብ፡ ነዛ ሃገር ማዕረ ክንደይ መስዋእቲ ከም ዝተኸፍለ ክትርዳእ ከም ዝኸኣለ ብምግላጽ፡ ደበስ ሰወኣትና፡ ሃገርና ንምምዕባል

ብልዑል ተወፋይነት ክንሰርሕን ብጽንዓት ክንከላኸለን ምዃኑ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኑቲ መደብ እናወሃሃደ ብቪድዮ ክቐርጽ ዘምስዮ ኣባል 25 ዙርያ ዓወት ኣሚን ብወገኑ፡ ብኢጋጣሚ'ዛ ረዚን ዕለት፡ ኑታ ብመስዋእቶም ዝተረኽበት ሃገር ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ፡ ሕድሪ ተሰኪምና መታን ክንሰርሕ፡ ደጋምና ቃልና እነሐድሰላ ዕለት ምዃና ገሊጹ፡፡ "መንእሰያት፡ ኣብ ኩሉ መዳይ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር፡ ኣብ መኸተን ጽንዓትን ሃገር፡ ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሊፍና እጃምና ክንከውን ኣለና፡፡ ብፍላይ ከኣ፡ እቶም ኣብ ፈቐዶ ዶባት ሃገር ፋሕ ኢሎም ሃገር ዝከላኸሉ ዘለዉ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ "ብጽንዓትኩም ጸኒዕና፡ ብትብዓትኩም ተብዒና ኢና'ሞ፡ ኣጆኹም ቅሳነ ክበሎም እፈቱ" ኢሉ፡፡

ኣባል 25 ዙርያ ስነ ጥበባዊ ተኽለ ኣፈወርቂን ደራሲ ናይ'ታ "ወራሲ ዋርሳይ" ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበት ድራማን ኣባል 25 ዙርያ ኣማን ፍስሃን ብወገኖም፡ ንዝሓለፈ ታሪኽ ገድሊ ናጽነትን ምኽባር



ተለንተ ንግስቲ ዑቕባስላሴ



ሲስተር ሰማይነሽ ቀለታ



ተጋ/ ኣማኑኤል ተኸስተ

ልኡላውነትን ብስነ-ጥበባዊ መንገዲ ምቕራብን ምዝንታውን ሓላፍነት ናይ'ዚ ወለዶ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሰማእታትና ዝኸፈልዎ ዋጋ ንምግላጽን ሕድርም ንምጽናዕን ኣበርቲዖም ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊጾም፡፡ ኤርትራ፡ ብመንእሰያት ደቃ ተኸቢራ መታን ክትነብር፡ መደባት መኸተን ልምዓትን ንምዕዋት፡ ወትሩ ድሉዋት ምዃኖም ሓቢሮም፡፡





# “ብህዝብን መንግስትን፡ ዕዉት ዕማማት ደበስ ስድራ ስዉኣት ተሰላሲሉ” ኣቶ ዘርኣይ ተኽልኣብ

የናታን የዕበዮ
ስእሊ. ሮቤል መረስዕ

ዝሓለፈ ቅንያት መዓልቲ ናጽነትና ብልዑል ደምቀትን ሓበንን ጸንቢልና፡ ንዘለናዮ ሰላምን ራህዋን ከስተማቕር በጃ ዝሓለፉ ሰማእታትና እንዝክረሉን ንስድራ ናይዞም ጀጋኑ ሓርበኛታት እንታይ ኣበርኪተ ብምባል ሕልናና እንኸትሕኮሓሉን ወርሓ'ውን እዩ። መንግስቲ ድሕነት ስድራ ስዉኣት ንምርግጋጽ ኣብ ፈለማ ናጽነት ኣትሒዙ ዝተፈላለየ ዕማማት ከሰላስል ጸኒሑን ኣሎን። ንሓፈሻዊ ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ምኽፋል ደበስ ዝዓለመ ኣብ ዝሓለፈ 22 ዓመታት ዝተኻየደ ስርሓት ምስ ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነት ስድራቤት ስዉኣት ኣቶ ዘርኣይ ተኽልኣብ ዘካየድናዮ ሓጺር ቃለ-መሕትት ናባኹም ኑበሎ - ሰናይ ንባብ።

**መንግስቲ፡ ስድራቤት ስዉኣት ንምሕጋዝ ክሳብ ሕጂ ዘካየዶም ስራሓት ከመይ ዝበሉ እዮም፧**

ኣብ 3 ጥሪ 1994 ዓ.ም. ኣዋጅ ቁ.48/1994፡ መንግስታዊ ደበስ ንስድራ ስዉኣትን ኣገባብ ኣተዓዳድላኡን ንምውሳን ዝወጸ ኣዋጅ ነይሩ። በዚ ኣዋጅ'ዚ መሰረት፡ መንግስቲ ኣብ 1995 ዓ.ም. ገና ብእግሪ ተኸሊ፡ ብዙሓት ካብ ወለዲ ስዉኣት ብእርጋንን ሕሰምን ይሓልፉ ምንባሮም ብምስትብሃል፡ ንነፍስ ወከፍ ስድራ ስዉእ/ቲ 10,000 ብር፡ ማለት ንነፍስ ወከፍ ወላዲ/ት 5,000 ብር ከፊሉ። ስዉእ/ቲ ሓድጊ ዝገደፈ ምስ ዝኾውን ድማ፡ እቲ 10,000 ብር ንሓድግታት ስዉእ/ቲ ከም ዝኽፈል ገይሩ። ብዓል ቤትን ሓድግታትን ምስ ዝህልዎ፡ ንብዓል/ቲ ቤት 5,000 ብር፡ ንሓድግታቱ ድማ 5,000 ብር ከፊሉ። እዚ ንጥፈታ'ዚ፡ ኣብ 1995 ዓ.ም. እዩ ተሰላሲሉ። ድሒሮም ሰነዳቶም ዝቐረቡ ስድራ ስዉኣት ድማ፡ እቲ ዝበጽሖም ደበስ ይረኽቡ ነይሮምን ኣለዉን።

መንግስቲ ንስድራ ስዉኣት ዘወጾኦ ገንዘብ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ወራር ወያነ ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምውሓስ ዝወደቑ ጀጋኑ ተወሲኾም ድማ፡ ንወጻኢታት ተኣሊዩቲ ስድራ ስዉኣት ኣብዚሕዎን ንጸር መንግስቲ ኣዛይድዎን እዩ።

መንግስቲ ግን ካብቲ ንስዉኣት ብሕልና ዝኣተወሎም ቃል ወይ ሙብጽዓ ፈልኩት ኣይብለን። በዚ መሰረት ሸግር ስድራ ቤት ስዉኣት ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብ ንምፍታሕ፡ ን1ይ ኣዋጅ መሰረት ዝገበረ ኣዋጅ ቁ. 137/2003 ብምውጻእ፡ ካብ 1 ጥሪ 2004 ጀሚሩ ወርሓዊ ብሕሳብ ናቕፋ 500 ንነፍስ ወከፍ ስዉእ/ቲ ደበስ ንስድራ ስዉኣት ይኽፍል ኣሎ። በዚ ኣዋጅ'ዚ መሰረት ካብ 2004 ዓ.ም. ክሳብ 2025 ዓ.ም. ኣብዚ 22 ዓመታት ንስድራ ስዉኣት ዝተኸፍለ መጠን ገንዘብ 6,206,130,656.00 ናቕፋ እዩ። እዚ ኣዝዩ ገዚፍ ወጻኢ'ዚ ኣብ መንን ካልኦት ሃገራት፡ ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ንስዉኣታ ኣኽብሮት ከም ዘለዋ ዘርኢ እዩ። ኣብቲ ፈለማ ዓመታት መንግስቲ ዓመታዊ ናቕፋ 350 ሚልዮን ንደበስ ዝኽፈል ባጀት ይስልዕ ነይሩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ወለዲ ስዉኣት ብሞት፡ ኣንስቲ ስዉኣት ብመርዓ ደቂ ስዉኣት ብዕድመ፡ ካብ መዝገብ እናወጽኡ ብምምጽኦም ዝሰላዕ ዝነበረ ዓመታዊ ባጀት ናብ 300 ሚልዮን ጎዲሉ ኣሎ።

**ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝኽፈሎም ወርሓዊ መንግስታዊ ደበስ ኣዝዮም ጽጉማት ንዝኾኑ ስድራ ስዉእ ብዜጋታት ዝግበር ደገፍ ከመይ ይቕጽል ኣሎ፧ ክሳብ ክንደይ ዝኣኽሉ ተሓጊዞም፧ ጠቕላላ ዝተኸፍለ ደገፍ ከ ክንደይ እዩ፧**

ስድራ ስዉኣት ንምንባይ ብዜጋታት ዝግበር ሓገዝ ኣብ 2004 ዓ.ም. ጀሚሩን ይቕጽልን ኣሎ። መንግስቲ ወርሓዊ ደበስ ንስድራ ስዉኣት ምኽፋል ምስ ጀመረ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ‘መንግስቲ ስድራ ስዉኣት ንምንባይ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ፣ ንሕናኸ ብወገንና እንታይ ክንገብር ንኽእል፧’ ዝብል ሕልና ዝቕስቅስ ሕቶ ብምልዓል ተበግሶ ክወስዱ ጀሚሮም። በዚ መሰረት ስድራ ስዉእ/ቲ ንምሕጋዝ ብቀዋሚ ወይ ንእተወሰነ ዓመታት ከከም ዓቕሞም፡ ሓደ ንሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ጽጉማት ስድራ ቤት ስዉኣት ክሕግዙ ጀሚሮምን ይቕጽልዎ ኣለዉን። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብሩ ዜጋታት ነዚ ቅዱስ ተግባር፡ ኣብ ዝቐጸሉ ዓመታት (ኣብ 2008 ዓ.ም.) ጀሚሮም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት የካይዱ ኣለዉ። ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ንነፍስ ወከፍ ስድራ ስዉእ ን2 ዓመት 720 ዶላር ኣመሪካ ደገፍ ክገብሩ ከለዉ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ዜጋታት ድማ ን2 ዓመት 12,000 ናቕፋ እናሃቡ ሓገዞም የበርክቱ ኣለዉ። ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዝነብሩ ዜጋታት ን24,545 ስድራ ስዉኣት ዝተገብረ ገንዘባዊ ደገፍ፡



ኣቶ ዘርኣይ ተኽልኣብ

ገንዘብ፡ ብዓይነት መትከል እግሪ ዝወሃብ (ምጥያስ)፣ ከምኡ'ውን ኣብ ክልተ ዓመት ደገፍ ዝህቡ ዜጋታት፡ ብሓንሳብ ምስ ዝኸፍሉ፡ ነተን ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ተዋፊረን ከድምዓ ይኽእላ ተባሂለን ዝተጸንዓ ኣንስቲ ስዉኣትን ደቂ ስዉኣትን፡ ብጥሪት፡ ብንኡስ ንግዲ፡ ካሮ፡ ካልእ ንጥፈታትን ብምስታፍ፡ ከም ዝጣየሱ ይግበር ኣሎ። ክሳብ 2025፡ ብቐጥታ ብዓይነት መዘና ኣልቦ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ንምብርካት ወትሩ ቅሩብ እዩ። ብፍላይ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ስድራ ስዉኣት ብዞኻይ'ቲ ብመንግስቲ ዝውሃቦም ደበስ፡ ንቶም ኣዝዮም ጽጉማት ስድራ ቤታት ገንዘባዊ ደገፍ ይኹን መትከል እግሪ ብዓይነት ይውሃቦም እዩ። ኣብ ልዕሊ'ዚ ንስድራ ስዉኣት ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታቶም ንምሕጋዝ፡ ካብ እዋን ምዝራእ ክሳብ ምእታው ኣእካል ዝሸይድ ኮም መሰረት ዝገበረ ደገፋት'ውን ኣሎ። እዚ ስርሓት'ዚ ኮም ጥራይ ዘይኮነ፡ ተመሃሮን ሓይልታት ምክልኻልን ዝሳተፍዎ እዩ።

ካልእ ኣብ ቅንያት 20 ሰነ ካልኦት ሃገራዊን ሃይማኖታውን በዓላት፡ ንስድራ ስዉኣት ዝግበር ደገፋት ብመራኸቢ ብዙሃን ክቃላሕ ንሰምዖን ንርእዮን ኢና። ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብምሽራኽ



ልዕሊ 201 ሚልዮን ናቕፋ እዩ።

**ብዘይካ'ቲ መንግስታዊ ደበስን ብዜጋታት ዝውሃብ ገንዘባዊ ደገፍን፡ ካልኦት ንጥፈታት እተሰላሰልዎም ኣለዉዶ፧**

ብዘይካ'ቲ ብመንግስቲ ዝወሃብ ወርሓዊ ስሩዕ ደበስ፡ ብዜጋታት ኣብ ክልተ ዓመት ዝኽፈል ጥረ ተዋሂቡወን ዝተጣየሳ 1,238 ስድራ ስዉኣት'የን። ነዚኣን ዝተገበረ ወጻኢታት ልዕሊ 23 ሚልዮን ናቕፋ እዩ። ንስልጠና ዝኣክል ገንዘብ ብዜጋታት ብሓንሳብ ምስ ዝበርኩት፡ ፕሮጀክት ብምድላው፡ ናይ 7-8 ኣዋርሕ ስልጠና ማእለማ ኣንስቲ ስዉኣትን ደቂ ስዉኣትን ብምሃብ፡ መጣየሲ ብምሃብ ብዘቐስምዎ ፍልጠትን ሞያን ንኽሰርሑ ተገይሩ እዩ። ብመሻርኽቲ ኣካላት፡ ከም ማእለማ፡ ቅዲ ክዳን፡ ሲንጀር፡ ትምህርቲ ምምራሕ ማኪና፡ ጽርበት ዕንጸይትን ሓጺንን ... ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ን308 ሰልጠንቲ ክወሃብ ከሎ፡ 3.79 ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ተገይሩ።

**ብዘይካ'ዞም ልዕል ኢልካ ዝጠቐስኮዮም ገንዘባዊ ደገፍ ዝመጽኣሎም ኣገባባት፡ ካልእ ዝግበር ሓገዛት ኣሎዶ፧**

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ስዉኣቱ ዘለዎ ፍቕርን ኣኽብሮትን ኣብ እንግዶት ዝተፈላለዩ በዓላት ስድራ ስዉኣት ንምሕጋዝ ሰፊሕ መደባት የሰላስል'የን።

**ኣብ መወዳእታ ተመሓላልፎ፧**

ስድራ ስዉኣት ንምሕጋዝ፡ ብህዝብን መንግስትን፡ ዕዉት ዕማማት ደበስ ተሰላሲሉ፣ ብጽቡቕ ይቕጽል ኣሎ። ስድራ ስዉኣት ንምሕጋዝ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዝነብሩ ዜጋታት ዝተበገሱ ንጥፈታት፡ ሙብዛሕትኦም ብሰብ ጸጋ ዝተተግበሩ እዮም ነይሮም። ምስኡ'ውን ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ነዚ ቅዱስ ተግባር ብዓቕሞም ይሳተፍዎ ኣለዉ። መንእሰያት ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሓላይ፡ ምስ መምሃራኖም ዝተበገሱሉ ቅዱስ ዕላማ ድማ፡ ዓመታዊ ካብ 4-5 ስድራ ስዉኣት ብምሓዝን ብምልላይን ካብ 2013 ዓ.ም ጀሚሮም ይቕጽልዎ ኣለዉ። ነዚ ቅዱስ ተግባር ከኣ፡ ካልኦት 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ክስዕብኦ ትጽቢት ይግበር።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ማእከል - ኣኽርያን ዕዳጋ ሓሙስን ዋንጫ ስማእታት ዓቲረን

ዋንጫ ስማእታት ዞባ ማእከል ንምዕታር ክካየድ ዝቐጸለ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቀንስትዮ፡ ብ21 ሰነ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተዛዚሙ።

ኣብዚ ኣርባዕተ ጋንታታት ሒዙ ድሕሪ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ ናብ መዛዘሚ ዝበጽሐ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋንታታት ምምሕዳር ዕዳጋ ሓሙስን ምምሕዳር ሰምበልን ኣብ ፍጻመ ተራኺበን። ንመጀመርያ ግዜ ነዚ ዋንጫ ንምዕታር ዘተጻወተት ዕዳጋ ሓሙስ፡ ኣብ ዓሰራይ ደቒቕ ብመገዲ ኣሚን ሓድገነበስ ሽቶ ረኺባ ብኢጋኡ መሪሓ። ናብ ዕረፍቲ ድማ ብመሪሕነታ ወጺኣን።

ካልኣይ እብረ ተዛዚሙ ዕዳጋ ሓሙስ ተዓዊታ እናተባህለ ግና፡ ንካልኣይ ግዜ ነዚ ጸዋእ ንምዕታር ዝጸዓረት ሰምበል፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ብመገዲ ኣሙንኪር ዓብደላ ሽቶ ብምቑጻራ፡ ጸወታ 1-ብ1 ተዛዚሙ፣ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን። ዕዳጋ ሓሙስ ከኣ 4-ብ1 ብምዕዋት ዋንጫ ስማእታት 2026 ዓቲራ። ኣብላ ርያን መሰጦፋ፡ ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ። ሰምበል ከኣ ተኸላሚት ብሩር መዳልያ ኮይና።

ዓላሚ ዕዳጋ ሓሙስ ኣስመሮም ፍስሃየ ድሕሪ ጸወታ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ዕወታት ናይዚ ክብር ዕለት ምኽንያት ደስ ይብለኒ። ፌደረሽን ዞባ ማእከል፡ ዝሸን ኣብ ታሕቲ ዘለና ንኣሽቱ ተጻወቲ ዝሓዘና ጋንታታት ዕድል ብምሃቡ ከማስየና እፈቲ። ተመጣጣኒ ብቕዓት ስለዘለና፡ ድማ፡ ጸወታ ብጽቡቕ ተወዳዲርካ እዩ ተፈጺሙ።” ኢሉ።

ኣብዚ ኣብ መንጎ ትሸዓተ ጋንታታት ተኻይዱ ብናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ናብ ፍጻመ ዝበጽሐ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ካልኣይ ዲቪዥን ውድድር፡ ኣኽርያን ደንደን ‘ቢ’ን ሰዒብን ኣብ መዛዘሚ ተጻዊተን። ደንደን ‘ቢ’፡ ቀዳማ ኣብ መበል 28 ደቒቕ ካብ ሓየሎም ሃብተማርያም ብዘመዝገበታ ሽቶ 1-ብ0 መሪሕነት ሓዚት። ኣኽርያ ድሕሪ ሓያል ቅልስ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ካብ ዊልያም መድሃኔ ብልጽቲ ሽቶ ኣቑጺራ ጸወታ 1-ብ1 ገይራቶ። ናብ ዕረፍቲ’ውን ማዕረ ኣምረሓ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ ሽቶ ብዘይምንባሩ ድማ፡ ናብ መፈለዩ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን። ኣኽርያ 5-ብ4 ብምዕዋት ዋንጫ ስማእታት ኣልዒላ። ሓላዊ ልዳታ እሰይ ሃብቶም፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ። ደንደን ‘ቢ’፡ ተኸላሚት ብሩር መዳልያ ኮይና።

ኣሰልጣኒ ኣኽርያ ብስራት ሰረቐ ብወገኑ፡ “ሓያል ውድድር ነይሩ። ተጠንቂቕና ክንጻወት ከምዘለና ንተጻወትቲ መኸረናዮም እየ። ደንደን መሪሕነት ምስ ሓዘት፡ ንጸወታ ብህድኣት ብምሓዝ ተመዓራሪናዮም። ብፍጹም ቅላዕ ድማ ተዓዊትና።” ኢሉ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ሊግ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ፡ ሓሙስ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ምስ ማይ ተመናይ፡ ከምኡ’ውን ኩጦንያ ሰምበል ምስ ኣልታሕሪር ብዝካየዳ ግጥማት ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።





## ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ናይ ዋንጫ ስማእታት ተዛዚሙ

ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ናይ ዋንጫ ስማእታት ዞባ ማእከል፡ ቀዳም 21 ሰነ ኣብ ኢክስፖ ከባቢ ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ ብዝተኻየደ ካልኣይ መድረኽ ተዛዚሙ።

ቀዳሞም ምድብ ሰለስተ (C) 24 ከሎሜተር ሸፊኖም። መርሃዊ ዘሚካኤል ካብ ሳሊና፡ ዠኖስ ዳዊት - ትጻቢት፡ ኬብሮን ጺጋይ - ቀይሕ ባሕሪ፡ ፈደራ ስቲፋኖንን እሰይ ብርሃነ - ኣድማስ፡ ኢሰርም ምሰዮና - ሳሊና በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ።

ብወሃሉል ነጥቢ ናይ ክልተኡ መድረኻት ከኣ ፈደራ ብ18 ነጥቢ ቀዳማይ ክዘዝም እንከሎ፡ ሄኖስ ብ17 ነጥቢ፡ መርሃዊ ብ16 ነጥቢ ሰዒቦም። ብጋንታ ኣድማስ ብ33 ነጥቢ ተዓዊቲት ዋንጫ ስማእታት 2026 ኮይና።

ምድብ ክልተ (B) ንዝተሰርዓሎም 33 ከሎሜተር፡ ተቐዳዳማይ ትጻቢት - ናታን ሳሮን ተዓዊቱሉ። ሱራፍኤል ሰመረ - ኣድማስ፡ ኣብርሃም ሃብተማርያም - ትጻቢት፡ ናሆር ሚሮንን ፍጹም ዑቕባይን ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ እሰይ ዳዊት - ገጀረት ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።



18 ነጥቢ ዘጥሃለለ ሱራፌል፡ ብድምር ክልተኡ መድረኻት ክዕወት እንከሎ፡ ናታንን ኣብርሃምን ብዝተመሳሰለ 14 ነጥቢ ካልኣይን ሳልሳይን ወጺኦም። ትጻቢት ድማ፡ ብ28 ነጥቢ ንናይ ጋንታ ውድድር ተዓዊታትሉ።

30 ከሎሜተር ካብ ዝሸፈና ደቂ ኣንስትዮ፡ ብስራት እስቲፋኖስን ዓና ፍጹምን ክልተኣን ካብ ጋላ ነፍሒ ተመራሪሐን ኣትየን። ኮኾብ ተወልደብርሃን - ሰራይር ሳዋ፡ መኽሰብ ሰመረ - ጽግዎት፡ ናኤል እስቲፋኖስ - ሰራይር ሳዋ፡ ጸዮን የማነ - ሳሊና ካብ ሳልሳይቲ ክሳብ ሻዱሻይቲ ተሰሪዐን።

ብስራት፡ ብ22 ወሃሉል ነጥቢ ቀዳመይቲ ክትውድእ እንከላ፡ ዓና ብ17 ነጥቢ፡ ኮኾብ ብ14 ነጥቢ መድረኽ ደይበን። ብውሓዚት ኪዳ እትሰልጥን ጋንታ ጋላ ነፍሒ ከኣ ብ39 ነጥቢ ተዓወትቲ ዋንጫ ስማእታት 2026 ኮይና።

ኣብቶም ዓበይቲ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ (ምድብ A)፡ ተቐዳዳማይ ጋንታ ኣድማስ - ተማስገን ኣቶወብርሃን እዩ ቀዳማይ ኣትዩ። ኮኾብ ኣማኒኤል - ቀይሕ ባሕሪ፡ ኬብሮን ደብረጼን - ኣሰር፡ ሙሴ ሚካኤል - ትጻቢት፡ ቤንሁር ደበሳይ - ገጀረት፡ ማርዶኪይ ብርሃ - ኣድማስ ክሳብ ሻዱሻይ ተመራሪሖም ኣትዮም።

ሙሴ ብ18 ወሃሉል ነጥቢ፡ ኑየም 16ን 14ን ነጥቢ ዝኣከቡ ተማስገንን ማርዶኪይን ኣኸቲሉ መድረኽ ደይቡ። ትጻቢት ከኣ ብ40 ነጥቢ ንናይ ጋንታ ውድድር ተዓዊታ ዋንጫ ስማእታት ኣልዒላ።

ዕወታት ብዘይካ ዝተወሃቦም ናይ ዋንጫን መዳልያን ሽልማት፡ ኣብ ኩለን ምድብ ቀዳማይ ኮይኖም ንዝተዓወቱ ብጡዳም ተቐዳደምቲ ሃብቶም መንግስቱ ዝተወፈየ ምሉእ ዕጥቂ ከም እተዓደለ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ደሃይ ኣትለታትና

### ሳይሞን ካልኣይ ኣትዩ፤ ዳዊት ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ

ኣትሌት ጋንታ ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝኾነ ሳይሞን ተሰፋገርጊሽ፡ ሰንበት ኣብ ሆላንድ ኣብ ከተማ ሀንገሎ ዝተኻየደ ናይ 5000 ሜትሮ ውድድር፡ ካልኣይ ብምእታው ብሉጽ ወጽኢት ኣመዝጊቡ።

እዚ ዓመታዊ ዝካየድ ናይ ወርቂ ደረጃ ዘለዎ ናይ ትራክ ውድድር፡ ኡጋንዳዊ ኪፕሮፕ ከኑት እዩ - ብ13 ደቒቕ፡ 13 ካልኢትን 43ን ንኡስ ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኤርትራዊ ትሰፋው ኣትሌት ሳይሞን ከኣ፡ ሓሙሽተ ንኡስ ካልኢት ድሒሩ ብ13 ደቒቕ፡ 13 ካልኢትን 48 ንኡስ ካልኢትን እግሪ እግሩ ኣትዩ። ኡጋንዳዊ ቸሊሞ ዲልፊን፡ ብ13 ደቒቕ፡ 13 ካልኢትን 72 ንኡስ ካልኢትን ተኸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይኑ።



ሳይሞን ተስፋገርጊሽ

ሳይሞን፡ በዚ ዝሃረሞ ግዜ፡ ናይዚ ወቕቲ ናይዚ ርሕቀት ዝበለጸ ግዜኡ እዩ ኣመዝጊቡ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣባል ጋንታ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝኾነ ኣትሌት ዳዊት ሰዐረ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ኣመሪካ ከተማ ቦስተን ኣብ ዝተኻየደ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ውድድር፡ ተኸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይኑ።

እዚ ኦሎምፒካዊ ጎያዩ፡ ብ28 ደቒቕን 6 ካልኢትን እዩ ነዚ ርሕቀት ዛዚምዎ። ኬንያዊ ኪፕሮፕ ፓትሪክ ብ27 ደቒቕን 55 ካልኢትን ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ዋይልደኙት ኣድሪያን ከኣ፡ ብ28 ደቒቕ ብሩር መዳልያ ኣንጠልጢሉ።

ዳዊት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቦስቶን ኣብ 5000 ሜትሮ ቀዳማይ ምእታዉ ይዝከር።

## ግብጺን ሳላሕን . . .

ሸውዓተ ግዜ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዘልዓለት ግብጺ፡ ንራብዓይ ግዜኣ እያ ኣብ ዋንጫ ዓለም ትሳተፍ ዘላ - ኣብ 1934፡ 1990፡ 2018ን 2026ን።

ይኹን እምበር፡ እዛ ሃገር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ፡ ዓወት ኣመዝጊባ ኣይትፈልጥን ጺሓ። ሰኑይ ወጋሕታ ግና፡ ንኒው ዚላንድ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 3-ብ1 ብምስዓር፡ ኣብ ታሪኽ ንፈለማ ግዜ ዓወት ኣመዝጊባ።

ብዘይካ’ዚ፡ ንካልኣይቲ ሽቶ ዘመዝገበ ሓለቓኣ - ሞ ሳላሕ፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ሃገሩ ኣብ ዋንጫ ዓለም ኮይኑ - ብሰለስተ ሽቶታት።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ናይ ምድብ ጸወታ ዋንጫ ዓለም

ፖርቱጋል - ኡዝበኪስታን 8:00 ድ.ቀ

እንግሊዝ - ጋና 11:00 ድ.ቀ

### ረቡዕ

ፓናማ - ክሮኤሽያ 2:00 ቅ.ቀ (ወጋሕታ)


ኮሎምቢያ - ዲ.ሪ. ኮንጎ 5:00 ቅ.ቀ

ስዊዘርላንድ - ካናዳ 10:00 ድ.ቀ

ቦዝንያ - ቀጠር 10:00 ድ.ቀ

## “ንከይን ክስርዮ እየ” ጋናዊ ጠንቋሊ





ናይ ጥንቁልና ዶክተር ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጋናዊ - ናና ቦንሶም፡ ሃገሩ ሎሚ ምሸት ምስ እንግሊዝ ኣብ እተካይዶ ናይ ምድብ ጸወታ ዋንጫ ዓለም፡ ንኣጥቃዓይ መጋጥምቶም - ሃሪ ኬይን፡ ክስርዮ ምዃኑ ቃል ኣትዩ።

እንግሊዝን ጋናን ኣብ ቀዳማይ ናይ ምድብ ጸወታኦን ብተኸታታሊ ንክሮኤሽያን ፓናማን ብምስዓር፡ ሰለስተ ነጥቢ ኣኪበን ኣለዋ። ብሓንቲ ጸብለልታ ሽቶ ግና፡ እንግሊዝ መሪሕነት ምድባ ሒዛ ትርከብ። ሎሚ ምሸት እትዕወት ጋንታ ከኣ፡ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ዙር 32 ምሕላፋ ተረጋጊጹ ብምዃና፡ ወሳኒ ጸወታ ይኸውን።

ናና፡ ኣብዛ ጸወታ ኑቲ ዝሓለፈ ሰሙን ክልተ ሽቶታት ዘመዝገበ እንግሊዛዊ ብምርጋም፡ ነዛ ኤውሮጳዊት ሃገር ደው ኩብላ ተተሰናዶ ኣሎ።

ኣብ 2014 ዋንጫ ዓለም፡ ጋና ኣንጻር ፖርቱጋል ኣብ ዝበረ ጸወታ፡ ሓለቓ ፖርቱጋል ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ብስሪ መጉዳእቲ ዘይተሰለፈሉ ምኽንያት ንሱ ምዃኑ ዝገለጸ ናና፡ “ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ሮናልዶ ካብቲ ጸወታ ከምዝበኩር ነገረ ነይረ። ብሰንኪ መጉዳእቲ ከምዝበኩር ድማ ገይረዮ።” እዩ ዝበለ።

ኣብዚ እዋን ከኣ፡ “ንኬይን ከቢድ መጉዳእቲ ኣይምጸሉን እየ። እንተኾነ፡ ካብ ጸወታ ኣንጻር ሃገረይ ደው ዘብሎ ክኸውን እየ።” ኢሉ።

እዚ ብሉጽ ኣጥቃዓይ፡ በዘን ኣብ ልዕሊ ክሮኤሽያ ዘመዝገበን ሽቶታት፡ 10 ናይ ዋንጫ ዓለም ሽቶታት በጺሑ እዩ፡ ምስ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ሃገሩ ጋሪ ሊንከር ድማ ተመዓራርዩ ኣሎ። ሎሚ ሓንቲ ምስ ዘመዝግብ፡ ‘ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ እንግሊዝ ኣብ ዋንጫ ዓለም’ ክኸውን’ዩ። መርገም ናይ ናና እንተዘይበጺሕዎ!

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ስልጣኑ ክለቅቕ ወሲኑ

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር፡ ስልጣኑ ከም ዝለቕቕን ካብ መራሒነት ሰልፊ ዕዮ ከይተረፈ ከም ዝወርድን ኣፍሊጡ።

ስታመር ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንንጉስ ብሪጣንያ ቻርለስ ሳልሳይ ብዘለዋ ውሳኔኡ ከም ዝሓበሮ፡ ሰልፊ ዕዮ ክሳብ ዝመጽእ መስከረም ሓድሽ መራሒ ንምምራጽ ናይ ግዜ ሰሌዳ ከቐምጥ ከም ዝሓተቶን ድሕሪ ምሕባር፡ ክሳብ ሽዑ ግና ኣብ ስልጣኑ ከም ዝጸንሕ ኣረዲኡ።

ኣብ 2024 ናብ ስልጣን ዝደየበ ስታመር፡ ህዝባዊ ተቐባልነት ውድቡ እናንቆልቆለ ብምምጽኡ ስልጣኑ ክለቅቕ ጸቕጢ ክግበረሉ ከም ዝጸንሐ እዩ ዝግለጽ።

ኪር ስታመር፡ ኣሰር መራሕቲ ፈረንሳን ጀርመንን ብምስዓብ፡ ኩናት ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ክንዲ ብዲፕሎማስያዊ መንገዲ ክፍታሕ ዝጽዕር፡ ንዩክሬን ብምድጋፍ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ጸቕጢ ክገብር ከም ዝጸንሐ እዩ ዝውቀስ።

ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ሃገሩ ሕጽረት ባጀት ከም ዘጋጠመን



ስታመር ክፈትሖ ከም ዘይከኣለን እዩም ተንተንቲ ዘረድኡ።

ስታርመር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ካብ ስልጣኑ ዝወረደ መበል ሻድሻይ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኮይኑ ከም ዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ ሓቢሩ።

ከንቲባ ከተማ ማንቸስተር - ኣንዲ በርንሃም ድማ፡ ኣብቲ ኣብ ዝመጽእ ዝካየድ ምርጫ ንቦታ ስታመር ክትክእ ልዑል ተኽእሎ ከም ዘሎ ይግለጽ።

## ካናዳን ኣውስትራልያን ወተሃደራዊ ስምምዕ ከቲመን

ኣውስትራልያን ካናዳን፡ ኣብ ምምዕባል ወተሃደራዊ ዝምድናአን ዘተኮረ ናይ ኣስታት 2.5 ቢልዮን ዶላር ውዕል ከም እተፈራረማ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣውስትራልያ ኣፍሊጡ።



እቲ ብ21 ሰነ እተኸተመ ውዕል፡ ኣውስትራልያ ንካናዳ ቴክኖሎጂ ናይ ራዳር ክትሸጠላ ዘኽእል ምዃኑ፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ዘመናዊ ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂ፡ ካናዳ ጸጥታ ዞባ ኣርክቲክ ንምሕላው ኣብ እተካይዶ ስሊያዊ ንጥፈታት ሓጋዚ ምዃኑ ገሊጹ።

ሚኒስተር ምክልኻል ኣውስትራልያ ሪቻርድ ማርለስ፡ “እዚ ምስ ካናዳ እንገብሮ ዘለና ወተሃደራዊ ውዕል፡ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝካየድናዮ ሰደድ ናውቲ ምክልኻል እቲ ዝዓበየ እዩ” ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ምድንፋዕ ወተሃደራውን ጸጥታውን ዝምድና ክልቲአን ሃገራት እወታዊ ተራ ከህልዎ ከም ዝኽእል’ውን ኣረዲኡ።

ኣውስትራልያ፡ ነቲ ቴክኖሎጂ ንኻልኦት ሃገራት ክትሸጦ ሕጂ ንፈለማ ግዜኣ ምዃኑ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

## ፊሊፒንስ - ኣብ ቤት ትምህርቲ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ

ኣብ ፊሊፒንስ - ከተማ ታክሎባን ኣብ ዝርከብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት፡ ብውሕዱ ሰለስተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ሸውዓተ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ውሽጢ ሳን ሆዜ ዝተባህለ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከም ዝተፈጸመ፡ እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ገሊጾም።

ፖሊስ ከተማ ታክሎባን፡ ፈጸምቲ ናይቲ ገበን 14ን 15ን ዝዕድመኦም ተመሃሮ ምዃኖምን ክልቲኦም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝርከቡን ገሊጹ።

ፖሊስ ወሲኹ፡ እቶም ጥርጡራት ኣብቲ መጥቃዕቲ ኣስታት 40 ጠያይቲ ናብ ተመሃሮ ከም ዝተኮሱ እኳ እንተ ገለጸ፡ ነቲ ብረት ብኸመይ ከም ዝረኸብዎ ንምፍላጥ ግና ኣብ ምጽራይ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ሃገራዊ ፖሊስ ፊሊፒንስ ኣለን ራይ ኮ ብወገኑ፡ ፊሊፒንስ ብዝተሞገዐ ጽኑዕ ቁጽጽር ኣብ ዋንነት ጠበንጃ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከምዚ ዝኣመሰለ መጥቃዕቲ ሳሕቲ ጥራይ ዘጋጥም ተርእዮ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣለን ራይ ኮ ወሲኹ፡ እቶም መንእሰያት ነቲ ገበን ክፍጽሙ ዝደረኾም ምኽንያት፡ ምስ መማህርቶም ዘጋጠሞም ተራ ባእሲ ምዃኑ ኣረዲኡ።



ፕረዚደንት ፊሊፒንስ ፈርዲናንድ ማርኮስ ጁንየር፡ በቲ ፍጹም መጥቃዕቲ ዝተሰመዖ ሓዘን ድሕሪ ምግላጽ፡ ዕቱብ መርመራ ክካየደሉ ኣዚዙ።

ሰብ መዚ መንግስቲ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ብፍላይ ድማ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ድሕነትን ጸጥታን ተመሃሮ ከረጋግጹ’ውን ጥብቂ መምርሒ ሂቦ’ሎ።

## ዩክሬን፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ መጥቃዕቲ ተካይድ

ሰብ መዚ ሩስያ፡ ናብ ከተማ ሞስኮ ዝተሳእካ ልዕሊ 70 ድሮናት ዩክሬን ዒላመአን ከይወቐዓ ተሃሪመን ከም ዝበርዓና፡ ትማሊ ሰኑይ ገሊጾም።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርገይ ሶብያኒን፡ እቲ መጥቃዕቲ ናብ ሰኑይ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ከም ዝተፈጸመ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ከም ዘየለ ኣረዲኡ።

እንተ ኾነ ብሰንኪ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ገለ መዕርፎታት ነፈርቲ ንግዜኡ በረራታት ተቛሪጹ ከም ዘሎ፡ እቲ ከንቲባ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ብወገኑ፡



ኣሃዱታት ምክልኻል ኣየር ሃገሩ ኣብ ውሽጢ’ዚ ዝሓለፈ 24 ሰዓታት ንኣስታት 301 ድሮናት ዩክሬን ከምክን ከም ዝኸኣለ ሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ሩስያ ነቲ ብ22 ሰነ 1941 ብሰርዓት ናዚ ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈነወላ ደማዊ ኲናት ኣብ እትዝክረሉ መዓልቲ ዘጋጠመ ምዃኑ’ውን ተገሊጹ።

ኣብቲ ኣብ ታሪኽ ሩስያ ዝዓበየ ምዃኑ ዝንገረሉ ደማዊ ኲናት፡ ኣስታት 27 ሚልዮን ሩስያውያን ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ፡ ሰነዳት ናይታ ሃገር የመልክቱ።

ሩስያ ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ ብዩክሬን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ትማሊ ሰኑይ ንግሆ ኣብ ዞባ ሱሚ - ዩክሬን ብዝካየደ መጥቃዕቲ ድሮን፡ ሰለስተ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ከም ዝተቐትሉ፡ ሰብ መዚ ናይቲ ዞባ ገሊጾም።

ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ዩክሬን ከተማ ዛፖሪዝዥያ እውን፡ ብመጥቃዕቲ ሩስያ ሓንቲ ሰብ ክትመውት ከሎ፡ ካልኦት ሰለስተ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ኣመሓዳሪ ናይቲ ከባቢ ኢቫን ፈዶሮቭ ሓቢሩ።

## ኮንጎ - ቁጽሪ መልከፍቲ ኢቦላ ልዕሊ ሓደ ሽሕ በጺሑ

ኣብ ምብራቓዊ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ቁጽሪ ብኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ከም ዝበጽሐ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ኣመልኪቱ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ሓበሬታኡ፡ ለበዳ ኢቦላ ዝሓለፈ 15 ግንቦት ካብ ዝርኣ ንደሓር፡ ክሳብ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ኣስታት 1,003 ሰባት በቲ ቫይረስ ከም ዝተለኽፉን 254 ሰባት ከኣ ከም ዝሞቱን ኣረዲኡ።

ኣብቲ ከባቢ ዝርኣ ዘሎ መጥቃዕቲታትን ምምዛዕል ነበርቲ ካብ መንበሪ ኣባይቶምን ድማ፡ ነቲ ቫይረስ ንምግታእ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት የዳኽሞ ከም ዘሎ፡ ሰብ መዚ ጥዕና ናይ’ታ ሃገር ገሊጾም።

ምስ ዳዕሽ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝንገረሉ ‘ኪዳን ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት’ ዝተባህለ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ኣብ ዞባ ኢቱሪ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምኻየዱ፡ ልዕሊ 20 ሽሕ ነበርቲ ናብ’ተን ልዕሊ ዓቕመን ተመዛቢልቲ ኣዕቊብን ዘለዋ መዓስከራት ክሃድሙ ከም እተገደዱ፡ እዚ ድማ ንለበዒ ኢቦላ መለሱ ከም ዘጋደዶ፡ እቶም ሰብ መዚ ጥዕና ወሲኾም ኣረዲኦም።



ዶክተር ጂን ካሴያ - ዋና ዳይረክተር ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ኣፍሪቃ፡ “ንለበዳ ሕማማት ብፍላይ ድማ ንለበዳ ኢቦላ ክትቆጻጸር እንተ ደሊኻ፡ መጀመርታ እቲ ጠንቂ ክትፈልጥ ኣሎካ፡ ንሕና ግን እዚ ለበዳ መጀመርታ መዓስን ብኸመይን ከም ዝጀመረ እኳ ኣፍልጦ የብልናን” ኢሉ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 23/6/26 | ጎደና ሓርነትቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565